
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.274 ዓርቢ 17 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ረኽሲ ቫይረስ ዶ ባክተርያ



ገጽ 3
ህሉው ኩነታት ግጭት ኢራንን...


ገጽ 4
ዛዕባ ባሕሪ፡ጉልባብ
ንኢትኒካዊ ፖለቲካ

ገጽ 5
ወተሃደር ደርግን ልኡኽ ሻዕብያን


ገጽ 7
ምልክታ


## ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ 375 ተመሃሮ ኣመረቐ

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ - ትማሊ 16 ሓምለ ኣብ ዝተገብረ መበል 19 ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ዶክትራት ሕክምና እንስሳ ዝርከብዎም 375 ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ኣመረቐ።

እቶም ብ7 ዓውድታት ማለት ስነ-ኣዝርእቲ፡ ስነ-እንስሳ፡ ጥዕና ኣትክልቲ፡ ስነ-ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ሕክምና እንስሳ፡ ሃብቲ መሬትን ኣከባብን፡ ከምኡ'ውን ስነ-መግቢን ቴክኖሎጂን ትምህርቶም ዝዛዘሙ፡ 20 ብማዕርግ ዶክተረይት፡ 174 ብዲግሪ፡ 181 ድማ ብዲፕሎማ'የም ተመሪቖም።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት መመረቕታ፡ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጻዕርን ተወፋይነትን 7 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 20 ዶክተራት ንፈለማ ግዜ ብዓውዲ ሕክምና እንስሳ ምምራቖም ፍሉይነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተመረቕቲ ኣብ ምርግጋጽ እኹል መኣዛዊ መግቢ፡ ቁጠባዊ ምዕባለ፡ ከምኡ'ውን ዘላቕነት ዘለዎ ምሕደራ ባህሪያዊ ሃብቲ ኣብ ምርግጋጽ ኣበርክቶ ክምዝገብሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ናይ ክብሪ ዕዱም - ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ ኣብ ዘዘኮ ቃል፡ ንመላእ ሕብረተሰብ ራህዋን ጥዕናን ዝሰፈኖ መጻኢ ምውሓስ ናይ መንግስቲ ኤርትራ እወጅ ዕላማ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ተመረቕቲ ኣብ ስራሕ ብዘድልብዎ ተመክሮ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብምምዕባል ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ትጽቢት ህዝብን መንግስትን ከምዝኾነ ኣገንዘበ።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ብዘቕሰምዎ ሞያ ንህዝቦምን ሃገሮምን ብውፉይ ስራሕ ከምዘገልግሉ ቃል ኣትዩ።


ስእሊ ሄኖክ ተክለገርግሽ




ኣብ መወዳእታ፡ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ናይ መዳልያ ሽልማት ተዓዲሎም።

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ክሳብ ሕጂ 7,166 ተመሃሮ ብዲፕሎማ፡ ቀዳማይ ዲግሪ፡ ማስተረይት ዲግሪን ማዕርግ ዶክተረይትን ኣመረቐ'ሎ።

## ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ስልጠና ሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ምስ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ብምትሕብባር፡ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ካልኦት ትካላት መንግስትን ንዝተዋጽኡ 23 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 75 ውሽጣውያን ኦዲተራት፡ ኣብ ኣስመራ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ኣብ ክልተ እብረ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሓፈሻዊ ኣምር ውሽጣዊ ቍጽጽር፣ ስነ-ምግባር ውሽጣዊ ተቘጻጻሪ፣ ስግኣት ማእከል ዝገበረ ዓመታዊ ውጥን ውሽጣዊ ቍጽጽር፣ ቅኑዕ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ጸብጻብ ውሽጣዊ ቍጽጽር፣ ትግበራ ባጀት፣ መንግስታዊ ስርዓት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፣ ስርዓተ ዕድጊ፡ ምሕደራን ምውጋንን ንብረት መንግስቲ፣ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣምራት ዝተወሃሃደ ሓድሽ ምሕደራ ሕሳብ መንግስቲ ዝብሉ ኣርእስትታት ዝሸፈነ ነይሩ።


ስእሊ ክብሮም ጸሃየ

ብ16 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ጠቕላሊ ኦዲተር ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ገብረመድህን ኣብ ዘዘኮ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ውሽጣዊ ኦዲት ዘድሊ ዓቕምን ፍልጠትን ዓጢቑ፡ ዝተዋፈረሉ ትካል ውሕሉልን ኣድማዕን ምሕደራ ፋይናንስን ንብረትን ከምዝህልዎ ብምግባር፡ ቀጻሊ ምምሕያሻት ንኽመጽእ ንምጽዓት ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና - ብቐጥታ ምስ ስርሖም ዝተሓሓዘን ሓጋዝን ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምጥቃስ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ምስ ሕሉፍ ተመኩሮኦም ብምውህሃድ፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ለውጢ ንምምጻእን ኣድማዕቲ ንምዃንን ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዩ።

ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ብቑዕ ውሽጣዊ ኦዲት ንምርግጋጽ ቀጻሊ ስልጠናታት ምውዳብ ኣድላዪ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዝወከልዎ ትካል ንዝርአ ጉድለታት ንምእራምን ንምዕራይን ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ።

## ሰገነይቲ - ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ንመንእሰያት ተዋሂቡ

ኣብ ን/ዞባ ሰገነይቲ፡ ናይ ክልተ ሰሙን ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ን127 መንእሰያት ተዋሂቡ።

እቲ ካብ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ማለት ማይ-ሰገን፡ ማይ-ፈት፡ ማይ-መግደምን ደግራ-ልብኣን ዝመጽኡ 127 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ብሃማመተኤን ናይ ስራሕ መሻርኽቱን ዝተወደበ'ዩ።






ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መንእሰይ ምሕረትኣብ ዓንደማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ ውዳበታት ሃማመተኤ ኣብ ዓድን ምምሕዳራት ከባቢን ንምሕያል ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ወ/ሮ ኣበራሽ ማስፍን ብወገና፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግብሪ ክጥቀሙሉ ተላብያ።


ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰገነይቲ ኣቶ ዓብደልቃድር ሓጂ-ዓሊ፡ እቶም መንእሰያት ኣብ ከባቢኦም ጸላዊ ተራ ክህልዎም ኣዘኻኺሩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ረኽሲ ቫይረስ ድዩ ባክተርያ




መብዛሕትኦም ቫይረስ ይኹኑ ባክተርያ ተላባዕቲ እዮም። እቲ ጠንቂ/ ሰቡብ ናይቲ ንሶም ዘፈጥርዎ ሕማም ዘርእዮ ምልክታት፡ ዝተፈላለየ ብምዃኑ ክትፈልዮም ይከኣል። ገለ ካብቲ ንሶም ዘፈጥርዎ ሕማም፡ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ጌርካ ክትፍወሶም ዝከኣሉ ክኾኑ እንከለው፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ሕማማት ድማ፡ ብሓገዝ ክታቡት ክትከላኸሎም ትኽእል። እዚ ጽሑፍ'ዚ ብባክተርያን ቫይረስን ክስዕቡ ናይ ዝኽእሉ ረኽሲታትን መሰረታዊ ፍልልያቶምን ብምድህሳስ፡ ብኸመይ ክንፍወሶምን ክንከላኸሎምን ከም እንኽእል ክዘርዝር ክፍትን እዩ። ሰናይ ንባብ፦

### ኣገደስቲ ነጥብታት

- ባክተርያ ንጽል ዋህዮ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ኣዕዛቢ ኣካል (host) ወይ ካብ ዝኾነ ኣካል ወጻኢ ብምዃኑ፡ ብበዕሉ ብህይወት ክነብር ዝኽእል ታህዋስ እዩ።

- ቫይረስ ኣብ ውሽጢ ሓደ ጥዑይ ኣዕዛቢ ዋህዮ ብምእታው፡ ኣብኡ ብተዓጻጻፊ መልክዕ ብምርባሕ ረኽሲ ክፈጥር ዝኽእል ታህዋስ እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት'ውን ነቲ ዘዕቆቦ ዋህዮ ብምቕታል ብብዝሒ ክራብሕ ይርኢ።

- ክልቲኦም ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ክስዕብዎ ዝኽእሉ ረኽሲ ተመሳሳሊ ብምዃኑ፡ ብቐሊሉ ክተስልዮ ዝከኣል ኣይኮነን።

- ብቫይረስ ዝሰዓብ ረኽሲ፡ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት (Antibiotics) ተጠቒምካ ክትፍወሶ ዝከኣል ኣይኮነን። ንረኽሲ ቫይረስ ብጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ክትፍውሶ ምፍታን፡ ተጻዋርነት ናይቲ መድሃኒት ከተማዕብል ስለ ዝኾነ፡ ንዘይኣስ ጸገም ኢኻ ትቃለዕ።

ፍልልይ ባክተርያን ቫይረስን

ባክተርያ ይኹን ቫይረስ ኣዝዮም ደቀቕቲ ታህዋስያን ብምዃኖም ብዘይ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ብቐሊዕ ዓይንና ክንርእዮም ዝከኣሉ ኣይኮኑን። ክልቲኦም ረኽሲ ምስ ዘስዕቡ ዘርእይዎ ምልክታት ዳርጋ ተመሳሳሊ እዩ። ክልቲኦም ዘርእይዎ ናይ ምልባዕ ዓቕሚ'ውን ተመሳሳሊ እዩ። ብብዙሕ መዳያቶም ግና ዝተፈላለዩ እዮም።

ባክተርያ ንጽል ዋህዮ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ዝኾነ ኣዕዛቢ ኣካል ኮይኑ ተወ ዋላ ብህይወት ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ዝተፈላለዩ ዓይነት ባክተርያ እዮም ዘለው። መብዛሕትኦም ግና ተጓዳእቲ ኣይኮኑን። ብርግጽ፡ ኣብ ደገኣዊ ቆርበትና ይኹን ኣብ ውሽጢ ሰብነትና፡ ተጓዳእትን ተጓዳእቲ ዘይኮኑን ሓያሎ ባክተርያ እዮም ዘለው። ኣብ ኣምዑትና'ሞ ብብዙሕ ቁጽሪ እዮም ዝርከቡ።

ቫይረስ ኣዝዮም ደቀቕቲ ኮይኖም፡ ዋህዮ ግና ኣይኮኑን። ዘይ ከም ባክተርያ፡ ክራብሑን ጉድኣት ከውርዱን መዕቆቢ ዝኾኖም ሰብ ወይ እንስሳ ክረኽቡ ኣለዎም። ኣብ ውሽጢ ኣካላት ናብ ዘለዉ ዋህዮታት ብምእታው ድማ እናተራብሑ ረኽሲ የስዕቡ።

### ፍልልይ ረኽሲ ባክተርያ ካብ ረኽሲ ቫይረስ

ዝኾነ ረኽሲ፡ ጠንቁ ቫይረስ ድዩ ዋላ ባክተርያ ንምንጻሩ ቀሊል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ክልቲኦም ታህዋስያን ረኽሲ ምስ ዘማዕብሉ ዘርእይዎ ምልክታት ተመሳሳሊ ስለ ዝኾነ። ዝ.ኣ. ንምንጻር ሓኪም፡ ናይ ሽንቲ፡ ናይ ቀልቀል፡ ናይ ደም፡ ከምኡ'ውን ካብ ኣፍንጫኻን ወይ ካብ ጎረሮ ናይ ናሙና (swab) ቅምሶ ክወስድ ይኽእል እዩ። ብዘይ ሕክምናዊ ሓገዝ ዓይነት ናይቲ ረኽሲ ንምንጻሩ ዝከኣል ኣይኮነን።

### ባክተርያ ካብን ናብን ብኸመይ ይመሓላለፍ፤

ባክተርያ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ክመሓላለፍ ዝኽእል ብምዃኑ፡ እቲ ንሱ ዝፈጥሮ ረኽሲ ተላባዒ እዩ።

- ረኽሲ ባክተርያ ምስ ዘለዎ ሰብ ምቕርራብ ምስ ዝህልወካ፡ ክመሓላለፍ ይኽእል። ንኣብነት ምስቲ ግዱይ ሰላምታ ብምልውዋጥ ወይ ብምስዓዓም ክኸውን ይኽእል እዩ።

- ንኣካላዊ ፈሳሲ ናይቲ ረኽሲ ባክተርያ ዘለዎ ሰብ ብምትንካፍ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ብምስዓል ወይ ብምህንጣስ ክኸውን ይኽእል እዩ።

- ኣብ ግዜ ጥንሲ ይኹን ግዜ ሕርሲ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል'ውን ክሓልፍ ይኽእል እዩ።

- በቲ ባክተርያ ዝተበከለ ንብረት/ ኣቕሓ ብምትንካፍ፡ እቲ ረኽሲ ክሓልፍ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ብመኸፈቲ ለዓት ናይ ማዕጾ ወይ መስተዩ ማይ ክኸውን ይኽእል።

- ረኽሲ ባክተርያ ብመንከስቲ ሓሸራት ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ብዝተበከለ መግብን ማይን'ውን ናብ ሰብ ክሓልፍ ይኽእል።

ገለ ካብቶም ብባክተርያ ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት፦

- ረኽሲ ጎረሮ፡
- ረኽሲ መትረብ ስርዓት ሽንቲ (urinary tract infection - UTI)፡
- ምብካል መግቢ፡
- ጆግላ (gonorrhea)
- ዓባይ ሰዓል - ቲቢ፡
- ኣንቀጸ (bacterial meningitis)፡
- ነድሪ ዋህዮታት (cellulitis)፡
- ሕማም ላይም (Lyme disease)፡
- ቴታኑስ (tetanus) ወዘተ።

ረኽሲ ቫይረስ ብኸመይ ይመሓላለፍ፤

ከም ረኽሲ ባክተርያ፡ መብዛሕትኦም ረኽሲ ቫይረስ'ውን ተላባዕቲ እዮም። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብዝተፈላለዩ መንገዲ ክመሓላለፉ ይኽእሉ።

- በቲ ሕማም ምስ ዝተለኽፈ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ወይ ምትንኻፍ ብምግባር ክመሓላለፍ ይኽእል።

- ምስ ፈሳሲ ኣካላት ናይቲ ግዱይ ብምትንኻፍ'ውን ክሓልፍ ይኽእል እዩ።

- ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ክሓልፍ ይኽእል።

- በቲ ባይረስ ንዝተበከለ ዝባን ብምትንኻፍ'ውን ክሓልፍ ይኽእል።

ልክዕ ከም ረኽሲ ባክተርያ፡ ረኽሲ ቫይረስ'ውን ብመንከስቲ ሓሸራት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይሓልፍ እዩ።

ገለ ካብቶም ብቫይረስ ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት፦

- ሕማም ኮሮና ቫይረስ (COVID-19)፡
- ኢንፍሉወንዛ፡
- ጉንፋዕ፡
- ነድሪ ኣምዑት (viral gastroenteritis)፡
- ፍርማይ፡
- ንፍዮ፡
- ኣንቀጸ (viral meningitis)፡
- ጡብ ኣድጊ (warts)፡
- ኤች. ኣይ. ቪ. - ኤይደስ፡
- ነድሪ ጸላም ከብዲ (viral hepatitis)፡
- ሕማም ዚካ (Zika virus) ወዘተ።

ረኽሲ ቫይረስ ብኸመይ ንፍወሶ፤

ንረኽሲ ቫይረስ ንምፍዋስ ዝሕግዝ ንጹር ኣገባብ የለን። እቲ ረኽሲ ንዘፈጥሮ ምልክታት ንምህዳእ ዝሕግዝ ክንክን ምስ እንገብር ግና፡ ሰብነትና ነቲ ሕማም ንምጥፋእ ኣብ ዘካይዶ ስራሕ ኣገዳሲ ተራ እዩ ዘለዎ። ስለዚ ረኽሲ ቫይረስ ምስ ዘጋጥመና ክንገብሮም ካብ ዘለናና ክንክን፦

- ንቐጸት ሰብነት ንምክልኻል ብብዝሒ ፈሳሲ ምውሳድ፡
- እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡
- ንዘህልወና ቃንዛ ምቕጻልን ረስንን ንምህዳእ፡ ከም ኢቡ-ፕሮፈን (ibuprofen)፡ ኣድቪል (Advil) ዝኣመሰሉ ፈውሲ ቃንዛ መድሃኒት ምውሳድ፡
- ጸረርታ ኣፍንጫ ምስ ዝህልወና'ውን ንምህድኣ ወዑይ ፈሳሲ ተደጋጋሚ ምውሳድ።
- ህጻናት ብተደጋጋሚ ከም ዝጠቡ ብምግባር ኣብ ጎረሮ ንዘሎ ምሕርሓር ምፍኳስ ይከኣል።

ኣስተብህል! ኣብ ሕክምና ብምኻድ ብዝግበር መርመራ፡ ዓይነት ናይቲ ረኽሲ ክንጸር ይኽእል። ብኡ መልክዕ ድማ ሓኪም ብዝእዝዘልካ መድሃኒት ነቲ ሕማም ንምፍዋስ ይከኣል እዩ።

### ፍወሳ ረኽሲ ባክተርያ ኸ፤

ጸረ-ነፍሳት (Antibiotics) ብባክተርያ ንዝመጽእ ረኽሲ ንምፍዋስ ዝሕግዝ መድሃኒት እዩ። ዝተፈላለዩ ዓይነት መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት እዮም ዘለው። ኩሎም ግና እቲ ባክተርያ ብቐልጠፍ ካብ ምርባሕን ምዕባይን ዝከላኸሉ እዮም። እዞም ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት'ዚኦም ንረኽሲ ቫይረስ ኣብ ምክልኻል ኣድማዕቲ ኣይኮኑን።

### ረኽሲ ባክተርያን ቫይረስን ንምክልኻል ክንገብሮ ዝግበኣና ጥንቃቐታት

ሓለዋ ጽሬት

ካብ ዝኾነ ዓይነት ረኽሲ ንምክልኻል ግቡእ ክንክን ጽሬት ሰብነትና፡ ቤትና፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ከባቢና ክንሕሉ ይግባእ።

ቅድሚ ዝኾነ መግቢ ምድላውና፡ መግቢ ምብላዕና፡ ድሕሪ ዓይኒ ምድሪ ምጥቃምና ኣእዳውና ብግቡእ ምሕጻብና ነረጋግጽ።

ኣእዳውና ብግቡእ ከይተሓጸብና፡ ገጽና፡ ኣፍናን ዓይናንን ክንትንክፍ የብልናን።

ከም ብራሽ ናይ ስኒ፡ መብልዒ ኣቕሓ ወዘተ ዝኣመሰሉ ግላዊ ንብረት ብሓባር ዘይምጥቃም።

ክታበት ብግቡእ ምርካብ

ኣቐዲምና ክንወስዶም ዝግበኣና ዓይነት ክታበት፡ ብቫይረስ ይኹን ባክተርያ ክስዕቡ ንዝኽእሉ ረኽሲ ኣብ ምክልኻል ልዑል ግዜ እዩ ዘለዎም። ብክታበት ክንከላኸሎም ንኽእል ሕማማት፦

- ንፍዮ፡
- ኢንፍልወንዛ፡
- ቴታኑስ፡
- ትኽትኽታ (whooping cough) ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ምስ እትሓምም ናብ ደገ ዘይምውጻእ

ብዙሓት ዓይነት ታሕዋስያን ተጠቒዖካ ምስ እትህሉ፡ ናብ ካልእ ሰብ ንኸይሓልፍ ንምክልኻል ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ይግባእ። ክትወጽእ ግድን ምስ ዝኸውን ድማ ብተደጋጋሚ ኣእዳውካ ክትሕጸብ ኣለካ። ክትሰዐልን ክትህንጥስን እንከለኻ'ውን ጥንቃቐታት ክትገብር ይግባእ። ክትህንጥስን ክትሰዐልን ዝተጠቐምካሉ መድረዚ መንዲል'ውን ኣብ ዝጉበኦም ቦታ ከም ዝኮሓፍኖም ኣረጋግጽ።


ውሑስ ጾታዊ ርክብ ምክያድ

ኮንዶም ምጥቃም፡ ብጾታዊ ርክብ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ሕማማት ንምክልኻል ሓጋዚ እዩ። ትጉብርዎ ብዝሒ ጾታዊ ርክብ ምጉዳል/ ምውሳን ንባዕሉ'ውን ብዙሕ ሕማማት ንኸይትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝተሓተ ይኸውን።

### ብግቡእ መግቢ ምኽሻን

መግብታት ብግቡእ ተሓጺቦም ምስ ዝኸሽኑ፡ ምስ ተኸሽኑ'ውን ብግቡእ ምስ ዝዕቀቡ ጥሪሑ እዮም ጥዕና ክህቡና ዝኽእሉ። ስጋ ይኹን ዓሳ ብቐሊሉ ክበላሸዉ ስለ ዝኽእሉ ኣብ ኣተሓሕዝኦም ጥንቃቐታት ክንገብር ኣለና። ኣሕምልትን ፍረታትን ብግቡእ ከይተሓጸብና ንመግቢ ክንዳሎም ኣይግባእን።

ምንጪ፦ health line




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ህሉው ኩነታት ግጭት ኢራንን ኣመሪካን

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዳግማይ ዝረአ ዘሎ ግጭት፡ ናብ ሓፈሻዊ ኩናት ከየምርሕ ይሰጋእ ኣሎ። ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ዒላማታት ኢራን ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ኩተካይድ፡ ኢራን ድማ ከም መልሰ-ግብሪ ናቱ ኣብ ዝተፈላለያ ጎረባብቲ ሃገራት ንዝርከብ ወተሃደራዊ ዒላማታት ኣመሪካ ኩትወቅዕ ኢና ንዕዘብ ዘለና። እዚ ኣብ መንጎ'ዘን ክልተ ተጻረርቲ ሃገራት ተኸሲቱ ዘሎ ዳግማይ ወተሃደራዊ ረጽምን ምፍጣጥን፡ ብደረጃ ዓለም ከቢድ ቁጠባዊ ክስራታት እዩ ዘስዕብ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ ከምቲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ብደረጃ ዓለም፡ ኣብ መዳይ ቁጠባ ይኹን ካልእ፡ ብኩናት ኢራን ዘይተጸልወት ሃገር ዳርጋ የላን። ኢራን ንወሽመጥ ሆርሙዝ ምዕጻዋ፡ ንዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ብኣሉታ ጸልዩወን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኑቲ ኩናት ደው ንምባል፡ ካብ ሓያሎ ሃገራት ክግበር ዝጸንሐ ጻዕሪ ክዕወት ኣይከኣለን።

"ኣመሪካን ኢራንን ንስምምዕ ሰላም ተቓሪበን ኣለዋ፣ ኣብ መወዳእታ በጺሐን ኣለዋ፣ ተረዳዲአን እየን፣ ወዘተ." ዝብሉ ዜናታት ብመንገዲ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ዓለም ተጋዊሖም ኢዮም። ዓለም ድማ ተዳኺሙ ዝጸንሐ ቁጠባኣ ክመሓየሽ ክጅምር ምኻኑ ስለ ዝኣመነት፡ በቲ ዜናታት ተሓጉሳ ጸኒሓ። እንተኾነ እቲ 14 ነጥብታት ሓዚ ዝተበገሰ ስምምዕ ሰላም ነዊሕ ከይቀጸለ ክፈጸ'ዩ ተራእዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ እቲ ግጭት ዳግማይ ክቕጽል ተዓዚብና። እቲ ሰነድ ናይ ምርድዳእ፡ ንመጻብቦ ሆርሙዝ ክፉት ዝገብርን፡ ኣብ ዓለማዊ ዕዳጋ ጸዓት ንዘሎ ጸቕጢ ድማ ዘፋኹሶን እዩ ነይሩ። የግዳስ ክልቲአን ሃገራት ብብናይ ግዝእ ርእሰን ምኽንያት፡ ኑቲ ልዑል ተስፋ ዝተገብረሉ ስምምዕ ሰላም ናብ ባይታ ከውርዳኦ ኣይከኣላን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እዩም እምበኣር፡ ሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ፡ ንድሌት ኣመሪካ ዝምልከት ሓያለ መግለጺታት ከውጽኡ ዝሰምዑ ዘለዉ። ከም ዝዘከር፡ "ኣመሪካ ንግዝያዊ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ንዘቐጽል መጥቃዕቲ ከም መሰጋገሪ መድረኽ ክትጥቀመሉ ትኽእል እያ፡" ዝብሉ ግምታት እዮም ብሓያሎ ክኢላታት ዝወሃቡ ነይሮም። ኣመሪካ፡ እቲ ኩናት ኣብ ርእሲ'ቲ ከም ዝሓሰቡቶ ክኸይድ ዘይምኽኣሉ፡ ሰፍ ዘይብል ቁጠባዊ ክሳራታት'ውን ኣስዒቡላ እዩ። ድሌት ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብቲ ፈለማ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ኢራን ኣብቲ ኩናት መራሕታ ምስ ተቐትለ፡ ትሕተ-ቅርጽታታ ዓንዩም ቁጠባኣ ብኸቢድ ምስ ተሃስዩ፡ "ሕጂ ከይፈተወት ኢዳ ክትህብ እያ፡" እዩ ዝብል ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኢራን ዘይከምቲ ዝተጸበዮ፡ ወተሃደራዊ ዓቕማ ኣደልዲላ ኢዳ ከይሃበት ንኣመሪካ ፊት ንፊት ክትገጥማ እያ ተራእያ። ሚላኣን ቅዲ ኩናታን ድማ፡ ሓደ ካብቲ ንኣመሪካ ዘሕረራን ባህጋ ዘኾለፈላን እዩ ነይሩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እያ እምበኣር፡ ኣመሪካ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ንኢራን ክትምሕጸንን፡ መዛተዪ ነጥብታት ኩተቕርበላን ዝተራእየት። ኣመሪካ፡ ኣብ ፈለማ ናይቲ ኩናት ከቢድ ቁጠባዊ ክሳራ ኩጋጥማ ምስ ጀመረ፡ ኑቲ ኩናት ብኸመይ ኣገባብ ኩተሕጽሮ ከም እትኽእል ክትሓስብ ጀመረት። መሊሳ ድማ ንኢራን ብኸመይ ኣገባብ ከም ተዳኽማ፡ ተጥቃዓ፡ ወይ'ውን ከም ብሓድሽ ደልዲላ ኑቲ ኩናት ብኸመይ ኣገባብ ከም እትቕጽሎ ክሱብ ሓሲባ ምድላዋታ ተጻፍፍ፡ ግዜ ንምሽማት ክትብል ኑቲ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ዝጠልብ እማመ ተቐቢላቶ ክትከውን ትኽእል እያ ዝብሉ ግምታት ብሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ይወሃቡ ኣለዉ። ህድእ ኢልና ምስ እንምርምሮ እውን፡ እቲ ኣበሃህላኦም ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይመስልን እዩ። ኣመሪካ፡ እዚ ሕጂ መዓልታዊ ኣብ ልዕሊ ኢራን እተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት፡ ናይ ነዊሕ ምድላዋት ዝገበረትሉ እያ ትመስል። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሓሙሽተ መዓልታት ጥራሕ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ 200 ዒላማታት ኢራን መጥቃዕቲ ፈጺማ ኣላ። ኢራን ድማ ኣብ የርዳኖስ፡ ባሕሬን፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ክዌትን ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ናይ ድሮንን ሚሳይልን መጥቃዕቲ ብምኽያድ መልሰ ግብሪ ሂባትሉ ኣላ።

ኢራን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብፍሉይ ዒላማ ገይራ ትወቕዮ ዘላ፡ እዚ ኣብ የርዳኖስ ዝርከብ ወተሃደራዊ መሳለጥያ ናይ ኣመሪካ እዩ። ኣብ የርዳኖስ፡ ሓደ ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ስርዓት መከላኸሊ ኣየርን ካልእ መሳለጥያታትን ዘለዎ ግዚፍ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ እዩ ዘሎ። እዚ ርእሲ ናይ'ቶም ኣብ መላእ እቲ ዞባ ዘለዉ ወተሃደራዊ መሳለጥያታት ኣመሪካ ምኻኑ ዝንገረሉ መዓስከር እዩ እምበኣር ኣብዚ እዋን ቀንዲ ዒላማ መጥቃዕቲ ኢራን ኮይኑ ክኢሉ ዘሎ። ኢራን፡ ነዚ ኣብ መሬት የርዳኖስ ተደኩኑ ዝርከብ ኣዝዩ ክቡር ስርዓት ራዳር ኣመሪካ ኩተዕንዎ እንተ ደኣ ክኢላ፡ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ልዕሊ ኢራን ኩተካይዶ ትኽእል መጥቃዕትታት ብኣጋኡ ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዎ ይኽእል እዩ - ብመሰረት እቶም ተንተንቲ። ብተወሳኺ፡ ብወገን ኢራን፡ ብሸበድበድ ዝግበር ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ፍጹም ተቐባልነት ከም ዘይብሉ እዩ ዝንገር። ምኽንያቱ፡ ድሌታትካ ኩተውሕስሉ ትኽእል ኣገባብ ስለ ዘይኮነ። ኢራን፡ ኣብዚ እዋን መጻብቦ ሆርሙዝ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብ ኢዳ ክወጽእ ዘይክእል ኣገባብ እያ ትደሊ ዘላ። ብኣንጻሩ ድማ ኣመሪካ፡ ኑቲ ስትራተጂያዊ ማያዊ መጻብቦ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ክተእትዎን፡ ብእኡ ንዝሓልፋ መራኽብ ንግዲ ድማ ናይ 20 ሚእታዊት ቀረጽ ኩተኽፍለንን እያ መደብ ኣውጺኣ ዘላ። ብተወሳኺ፡ ኣመሪካ፡ ንኹሉ ካብን ናብን ወደባት ኢራን ዝግበር ናይ መራኽብ ምንቅስቓስ ምሉእ ብምሉእ ዓጽያቶ ኣላ። ድሕሪ'ዚ ስጉምቲ'ዚ እያ ከኣ ኢራን፡ ካብ መጻብቦ ሆርሙዝ ወጻኢ ንዘኾኑ ኣገደስቲ መስመራት ነዳዲ ናይቲ ከባቢ'ውን ክትዓጽዎም ምኻና ተጠንቂቓ ዘላ። እዚ ብወገን ኢራን ዝወሃብ ዘሎ መጠንቀቕታ ተግባራዊ ምስ ዝኸውን ድማ፡ እቲ ብደረጃ ዓለም ክስዕብ ዝኽእል ናይ ነዳዲ ቅልውላው ኣቃሊልካ ዝረአ ከም ዘይከውን፡ ክኢላታት የጠንቅቑ ኣለዉ።

ኢራን፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ንምእታው ሓያል ጻዕርታት እያ ኩተካይድ ትረአ ዘላ። እዚ ሓያል ርብርብ እዩ ከኣ ኣብዚ እዋን ኣብቲ ዞባ ከቢድ ነውጺ ፈጢሩ ዘሎ። እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ እተን ምስ ጸላእቲ ብምትሕብባር በቲ መጻብቦ ክሓልፋ ዝፍትና መራኽብ፡ ዕንወትን ምትዕንቓፍን ጥራሕ ከም ዘጋጥመን የጠንቅቕ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኑቲ መጠንቀቕታ ሸለል ኢለን በቲ መጻብቦ ክሓልፋ ዝፈተና ክልተ መራኽብ ነዳዲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ብክሩዝ ሚሳይላት ኢራን ምህራመን ከኣ፡ ኢራን ኑቲ መጠንቀቕታ ንምፍርራህ ኢላ ጥራሕ ከም ዘየመሓላለፈቶ ዘርኢ እዩ። ኢራን ብእትህቦ ዘላ መልሰ-ግብሪ ዝተቖጥዐት ኣመሪካ ከኣ፡ ንዓበይቲ ድልድላትን መመንጨዊ ጸዓትን ኢራን ከም እትሃርሞ ኣጠንቂቓ ኣላ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ መራሕቲ ኢራን ኣብ'ዘን ዝቕጽላ ቀረባ መዓልታት ናብ መኣዲ ዘተ እንተ ድኣ ዘይተመለሶም፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ንኹሉ ጸዓት ዘፍሪ ትካላቶም ከም ዘዕኑዎ እዩ ኣፍሊጡ ዘሎ። እንተኾነ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ጸቕጥታትን ምጉብዕባዕን ኣመሪካ ንሃገሩ ናብ ዘተ ሰለም ኣገዲዱ ከም ዘየምጽኣ ኣገንዘቡ።




ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ኣንፈት ኩናት ኢራንን ኣመሪካን ንዓለም ስንክሳር እዩ ኮይኑዋ ዘሎ። እዘን ክልተ ሃገራት፡ ኣበይ፡ መዓስን ብኸመይ ኣገባብን እየን ክሰማምዓ ዝኽእላ ንኹሉ ማሕበረሰብ ዓለም ዘይተመለሰ ሕቶ ኮይኑዎ ይርከብ ኣሎ።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ድባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:10 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 1ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ገሉብ ደሐን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ርእይቶ

## ዛዕባ ባሕሪ፡ ጉልባብ ንኤትኒካዊ ፖለቲካ

ሰላም ኣርኣዶም

ጉጅለ ብልጽግና፡ ብኹሉ መዳይ ውድቕቲ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ፡ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ኣዲስኣበባ ተኹርምዩ፡ ህዙባታት ሓድሕድ እናጋጨወ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ከናውሕ ዝሰሓግ ዘሎ ድኹምን ድሑርን መንግስቲ ምዃኑ ኩሉ ዝዕዘቦ ዘሎ'ዩ። ገለ ካብ መርኣያታት ውድቀት ሃገረ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትሕቲ ጉጅለ ብልጽግና ንምጥቃስ፡

-ኣብ ብዙሕ ከባቢታ ናይ'ታ ሃገር ዘሎ ኤትኒካውን ሃይማኖታውን ግጭታት፣

-ሓድሕዳዊ ግጭታት ዘኸተሎ ጊዜፍ ውሽጣዊ ምፍናቓልን ምምዛቡልን ህዝቢ፣

-ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ብዙተፈላለዩ ሓይልታት ዝመሓደር ዘሎ ሰፊሕ ከባቢታት፣

-ኣበየ ከባቢኡ ዘለዉ ኣእላፍ ዕጡቓት ሓይልታት፣

-ውሽጣዊ ጸጥታን ዶባት ሃገርን ከኽብር ዘይክእል ድኹም ሰራዊትን ናይ ጸጥታ ኣካላትን፣

-ናጻ ምንቅስቓስ ሰባትን ተሽከርከርቲን ዘኻእል ጸጥታዊ ጸገማት፣ ክትራንን ጭውያን ናይ ሰባት፣

-10 ሽሕ ኣብያተ ትምህርቲ ዝዕጸው፡ 10 ሚልዮን ቆልዑ ካብ ትምህርቲ ዝበኩረ ውግኣ ሓድሕድ፣

-70 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ድኽነት ዘውደቐ፡ ኣስታት 25 ሚልዮን ተጸበይቲ ረድኤት ዝኸበረ፡ 20 ሚልዮን ህጻናት ንግጸቦ ዘቃልዐ፡ ቁጠባዊ ውድቀት ምስ ብልሽውን ግዕዙይን ምሕደራ፣

እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ተጋሂዱ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ውድቀት፡ ብልጽግና በይኑ ዝሕመየሉ ኣይኮነን። ድምር ውጽኢት ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዝተኸተሉዎ ግጉይ መገዲ ህንጻት ሃገር እዩ። ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ህንጻት ሃገር ዝፈሸሉሉ ቀንዲ ምኽንያታት ኣብዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ክጽመቑ ይኽእል፥

-ንሓደ ክፉል ሕብረተሰብ ጸግዕኻ ብምግባር ንካልኦት ህዙባታት ናይታ ሃገር ምህማሽ፣

-ኣብ ክንዲ ንረብሓ ህዝቢን ሃገርን ምውፋይ፡ ምስ ሓይልታት ግዳም ተዋዲኻ፡ ጸጋታት ሃገር፡ ንውልቃውን ጉጅለኣውን ረብሓ ምዝማት፣

-ትኻቦ ሰፊቕካ ዞባዊ ሓይሊ ናይ ምዃን ጥሙሕን ናይ ምስፍሕፋሕን ወራርን ሃቐነታትን፣

ኣብ 2018፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድምር በደላት ዝሓለፉ ስርዓታት ዒቕ ኢሉዎ፣ ደናጉላን ኣባትርን ሒዙ ናብ ጽርግያ ምስ ወጸ፡ ከም ውጽኢት ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ጉጅለ ብጽልግና ናብ ስልጣን መጺኡ። እዚ ሓድሽ ስርዓት፡ ዝጸንሐ ኣካዪዳ ዝኣርም፡ ነታ ኣደ ብዙሓት ህዙባታት ኢትዮጵያ ዝምጥን፡ ሓድሽ ራእይን ሓሳብን ከፍልቕ ትጸቢት ተገይሩሉ ነይሩ።

የግዳስ ጉጅለ ብልጽግና፡ ካብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብዝኸፍአ ደረጃ፡ እኩይን ጸቢብ ትሕተ ሃገራዊ ዕላማታት ዝተሓገጠ፡ ዝሓመቐን ዕሸላውን ህውታትያን ስርዓት ኮይኑ'ዩ ተረኺቡ።

ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ክንዲ ንሃገራዊ ዕርቂን ሰላምን ምስራሕ፣ ብስምዒት ተረኛነት፣ ዓሌታዊ፡ ከፋፋሊን ኣናፍቂን ፖሊሲታት ዝያዳ ክደፍኣሉን ንጉጅለኣዊ ረብሓኡ ክጥቀመሉን ተጓይዩ። ቁጠባውን ማሕበራውን ውድቀት ዝፍውስ ፖሊሲታት ኣብ ክንዲ ምኽታል፡ ቁሩብ ቁራብ ደገፍ ፋይናንሲያዊ ትካላት ንምርካብ፡ ኣብ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ናይ'ታ ሃገር ግጉይን ዘይተጸንዐን ቅርጻዊ ምትዕርራይ ብምግባር፡ ቁጠባ ናይታ ሃገር ናብ ዝኸፍአ ዝቐችቲ፡ ዝቐባበነ ውድቀትን ሸሚሙዎ። ኣብ ሓይልታት ግዳም ምምርኳስን ንረብሓታቶም ምኹዳምን ድማ፡ እንተላይ ፐዝዑብ ዝለወን ንኣሸቱ ሃገራት ምዕሳብ ወሲኹሉ። በዚ ድማ፡ ትእዛዝ ግዳማውያን ሓይልታት ንምፍጻም፣ ምስ ጉረባብቲ ሃገራት ኣብ ምትፍናንን ረጽሚን ኣትዩ።

ብሓጺሩ ጉጅለ ብልጽግና ኣብታ ሃገር ብተደጋጋሚ ተሃቂኑ ዝፈሸለ ተመኩሮ ብዝኸፍአ መልክዑ ክደግሞ እዩ ፈቲኑ። በዚ ድማ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ "ፎእ!" ኢሉዎ፡ ምስ ዝሓለፉ ስርዓታት ብምዝማድ ቀልጢፉ ናብ ገደል ውድቀት ተገምጊሙ።

እቲ ጉጅለ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንእከይ ዕላማታቱ ከምዝተቐሓሉ ምስ ተገንዘበ፡ ኑቲ ብጋህዲ ክሰርሓሉ ዝተበገሰ ኤትኒካዊ ፖለቲካ ንምኽዋል ዝተፈላለየ ዘይምስጥ ድራማታት ክደርስ ጸኒሑ ኣሎ። ናይ ምምኽኻር ኮምሽን ዝበሎ፡ ደገፍቱ ጥራይ በይናም ዝመኽሩሉ ዋዕላ ሎሚ ቅነ ንኣብነት፡ ሓደ ካብቲ ዓሌታዊ ፖለቲካ ናይቲ ጉጅለ ንምሽፋፋኑ ተባሂሉ ዝምድረኽ ዘሎ ድራማ እዩ።

ብልግጽና፡ ሃገራዊ ራእይን ዓቢ ዕላማን ከምዘለዎ መሲሉ ንምቕራብ፡ ኣቐድም ኣቢሉ ዘልዓሎ ዛዕባ እውን ነይሩ። ብሕግን ታሪኽን ቀደም ዝተዓጽወ ፋይል፣ ኣፍደገ ባሕሪ። ንህዝቢ ኢትዮጵያ ያኢ በሃም ቆጺሩዎ ብሕማም ባሕሪ ኣረሳሲኑ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ንግዳም ንምቕናዕ ሰለስተ ዓመት መመላእታ ግዒሩን ቀዚሙን። ግን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዓል ነዊሕ ተመኩሮ እዩ። ንኢትዮጵያ ክመርሕ ዝኽእል ብቑዕን ብሱልን ስርዓት እንተሎ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ዓቢ ጉዳይ ከምዘይኮነ ይፈልጥ እዩ። በዚ ድማ ኑቲ ከም መሸፈኒ ዓሌታዊ ፖለቲካ ክጥቀመሉ ዘልዓሎ ጉዳይ ባሕሪ እዚኒ ኣይዛሮን። ልዕሊ ዓቕን ግዒሩ ኣቓልቦ ህዝቢ ምጥምዛዝ ዝተሳእኖ ዕሸላዊ ስርዓት ብልጽግና ድማ፡ ጭንቀቱ መመለሲ ይዓርግ ኣሎ።

---

## ፈስቲቫል፡ ኣብ ትስፉው መድረኽ

ኣሕመድ ሱሌማን

ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ካብ ቀዳም 18 ሓምለ ጀሚሩ፡ ከም ወትሩ ኣብ ኣስመራ፡ ቀጽሪ ኤክስፖ ክእንገድ እዩ። ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ተወሊዱ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣካል ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ዝቐጸል ዘሎ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡሉ ዝተፈላለያ ሃገራት ወጻኢ እውን ዓመት መጸ ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ብቐጻሊ ዝቐየድ ንጥፈት እዩ።

ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ከም መድረኽ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ምዕሩግን ውዕውዕን ዝኩብር፡ ብቐንዱ ዕዙዝ ሱታፌ ህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻል፡ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ትካላት መንግስቲ፡ ኩባንያታት፡ ማሕበረሰብ ንግዲ፡ ስፖንሰራት፡ ከምኡ'ውን ግዱሳት ውልቀ ዜጋታት፡ ቅርዓት ፈስቲቫል ንምድማቕ ዝኩብሩዎ መሰናድኦ እዩ። ህዝቢ በበዞባኡ ንዋታዊን ኣእምሮኣዊን ጸጋታቱ ኣወሃሂዱ ዘቕርቦ ሓድሕድ ዝውዳደር፡ ንታሪኽ፡ ባህሊ፡ ቅርሲ፡ ጸባቒ ዝምልከት መሰናድኦታት፡ ብመንግስታውን ህዝባውን ትካላት ዝቐርብ ቁጠባውን ማሕበራውን ገስጋስ ዘንጸባርቕ ምርኢታት፡ ምህዞታትን ሰንዓን ውልቀ ዜጋታት ገለ ካብቲ ፈስቲቫልና' ዓመት መጸ ዘኣንግዶ ዓበይቲ ንጥፈታት እዩ።

ከም ዝፍለጥ ሃገርን ሃገራውነትን ካብ ዘቖሙ ወሰንቲ ረቛሒታት ሓደ፡ ሓባራዊ ስነኣእምሮ እዩ። ሓባራዊ ስነኣእምሮ፡ መግለጺ ፍሉይ መንነት ኮይኑ፡ መንነት ድማ መግለጺኡ ባህልን ክብርታትን'ዩ። ስለዚ፡ መሰረት ህላወ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ባህሊ እዩ ክበሃል ይከኣል። ባህሊ በቲ ዝሰፍሐ ትርጉሙ፡ መሰረት ህላወ ጥራይ ግን ኣይኮነን። ዋሕስ ዕዉት መጻኢ ጉዕዞ እውን ባህልን ክብርታትን እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሕብረተሰብ ቀጻልነቱ ከረጋግጽ፡ ተካእቲ ቆልዑ ክወልድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባህሉን ክብርታቱን ብዝዮሮእ እናዕጠቐም ክኸይድ የድልየ። በዚ መንጽር'ዚ ዝዓበየ ዕማም ሕብረተሰብ፡ ንቖልዑን መንእሰያትን ፍቕሪ መበቆልን መንነታዊ ሓበንን ከምዝህልዎም ገይርካ ምኹስኳስ እዩ። እዚ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ነገራዊ ትሕተ-ቅርጺታት ዝሰርዕ ወሳኒ ትሕተ-ቅርጺ እዩ። ምኽንያቱ፡ ባህሊ ሓባራዊ ራእይን ባሆግን ኣብ ምፍጣርን ምምዕባልን፡ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ድልዱል ሃገራዊ ሓድነትን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ኣብ ምህናጽ፡ ፍልጠት ዓያይነትን መሃዝነትን ኣብ ምዕዛዝ፡ ካብ ኩሎም ጸጋታት ሃገር፡ እቲ ዝዓበየ ግደ ዝጻወት እዩ።

ግደ ባህልን ክብርታትን ኣብ ህንጻት ሰልጡን ሃገርን ሕብረተሰብን ዕዙዝ ካብ ኮነ እምበኣር፡ ባህላዊ ውርሻን መንነትን ናይ ምዕቃብ፡ ፍልጠት፡ ዓያይነትን መሃዝነትን ናይ ምትብባዕ ዕማም፡ ማዕረ ፖለቲካውን ቁጠባዊን ህንጻት ልዑል ኣተኩሮ ተዋሂቡዎ ብዕቱብ ክስርሓሉ ዘለዎ እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ዓውለማ፡ ምስ ርቀት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ክብርታት ሕብረተሰባት ናይ ምዕናው ዘንቀደ ዘመተን ተኣሳሲሩ፡ ጽልኣት መበቆልን መንነትን ዘሕድር፡ ሰደትን ጊላነትን ዘናፍቕ ባህላዊ መርዚ ዘዕለቕልቕሉ እዋን ብምዃኑ፡ ኣብ ወረርቲ'ዚ ብምምካት ባህልን መንነትን ምዕቃብ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕማማት ሃገርን ህዝብን፡ ኣውራ ድማ ዘዋላቡ ዕዮ-ገዛ ሰብ ሞያ ባህልን ስነጥበብን ክኸውን ይግባእ።

ሃገራዊ ፈስቲቫል 2026፡ ኣብ ፍልይ ዝበለ መድረኽ እዩ ዝእንገድ ዘሎ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ርብዒ ዘመን፡ ብቕሉዕ ወረር ኮነ ብዝተፈላለየ ጸቕጢን ዲፕሎማሲያዊ ተጽእኖን ዘመተ ምስይጣንን ንምድሃሉን ንምንብርካኹን ዝተፈነወ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት መኪቱ፡ ብኣንጸባራቒ ዓወት ኣብ ዝወጸሉ እዋን ይእንገድ ብምህላዉ፡ እዚ ዝፈጠሮ ባህታን ቅሳነትን ንፈስቲቫላት ሎሚ ዘመን ዝያዳ ድምቀት ከምዝህቦ ርዱእ እዩ።

ብሓፈሻ ዘለናዮ መድረኽ፡ ሃገርና ብኹሉ መዳይ ናብ ትስፉው መድረኽ፡ ናብ ሰፊሕ ዕዮ ልምዓት እትሰጋገረሉ እዋን እዩ። ከም ህዝቢ፡ ክብርቲን ስልጥንቲን ሃገር ክንሃንጽ ልዑል ባህጊ ኣለና። ተረኣቢ ሕድሪ መንእሰይ ኤርትራ ዝኸፈለ ረዚን ዋጋ ዝተኸፍሎ ሃገራዊ ባህጊ'ዚ ክዉን ንምግባር፡ ብሓያል ድሌትን እምነትን ክትኣምኖ ብዘጸግም ተወፋይነትን ጽንዓትን ተገዚኡ ክሰርሕ ምጅንሑ ዝፍለጥ'ዩ። ብሂሕን ምጽማምን ተወፍዩ ሳላ ዝጸዓረ ድማ፡ ሎሚ ሃገርና፡ ኣብዚ ቅልውላዋት ዝሕምሶ ዘሎ ዞባ፡ ውሽጣዊ ሰላማን ርግኣታን ብዙተኣማምን መገዲ ኣውሒሳ፡ ኣብ ጎደና ቁጠባዊ ዕብየት ቀሲና ክትምርሽ ኣብ እትኽእለሉ መድረኽ ረጊጻ ኣላ።

ልዑል ማሕበራዊ ስሚትን ሃገራዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ሕላገት ህዝቢ ኤርትራ እዩ። እዚ ግን ካብ ሰማይ ዝወረደ ማና ወይ ፍሉይ ትዕድልቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ውሽጣዊ ሰላሙ፡ ርግኣቱን ሃገራዊ ወህደቱን ኣውሒሱ፡ ብፍቕሪን ሓድሕዳዊ ምኽባርን ስሚትን ዝነበር ህዝቢ ክኸውን ምብቕዑ፡ ትዕድልቱ ስለዝኾነ ኣይኮነን። ውጽኢት ብድህሃታት ዝሰሓሎ ቃልሲ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ህዝቢ፡ ባህሉን ክብርታቱን ደምሲሱ መንነቱ ንምህሳስ ቋንቋኡ ከይጥቀም፡ ባህላዊ ውርሻታቱን ስነጥበቡን ከየማዕብል፡ ብኣንጻሩ ቋንቋን ባህልን ግዙኣቱ ክርዕም ዝተገብረሉ ጸቕጢ ቀሊል ኣይነበረን። ይኹን'ምበር ባህሉን መንነቱን ልዕሊ ናይ ካልኦት ዘፍቅር ሕቡን ህዝቢ ብምዃኑ፡ ሸርሒታት ግዙኣቲ ኣይሰርሐን። ማዕረ ማዕረ'ቲ ሃገራዊ ናጽነቱ ንምርግጋጽ ዘዋደዶ ሓያል ተጋድሎ፡ ባህላዊ ውርሻታቱ ንምዕቃብን ንምምዕባልን እውን ብቐለሉ ዘይግመት ቃልሲ ኣካዪዱ እዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ቃልሲ'ዚ ኤርትራውያን፡ ካብ ባህላዊ ብዙሕነትና በበልጹ እናሓረና ሓደን ስሙርን ሃገራዊ ባህሊ ከምዕብል በቒዕና። እዚ ባህልን ክብርታትን ናይ ምዕቃብ ሓያል ቃልሲ፡ ንኤርትራዊ ሃገራውነትን መንነትን ኣዝዩ ከምዝደምቕ ብምግባር፡ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ብቕኑዕ መኣዝን ማለት ብሃናጺ ባህላዊ ሰራሕ ንመላእ ሕብረተሰብ ዝውክል ኣብ ያታዊ መሰረት ዝተነድቀ ዘመናዊ ሃገራዊ ባህሊ ዝሰንበላ ሃገር ክትከውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ፈስቲቫላትና ከኣ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝበርኽ ኣበርክቶ ብቐሊል ዝጥመት ኣይኮነን።

ሃገራዊ ራእይና፡ ማሕበራዊ ስሚት፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ባህላዊ ትንሳኤ ብዙሓት መሰረታውያን ኣዕኑድ ዝቖመ እዩ። ራእይና ሰላም፡ ፍትሒን ራህዋን ዝሰፈና ሃገር ምፍጣር እዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ባህሉን መንነቱን ዓቂቡ፡ እቲ ብሉጽ ሰድራቤታዊን ኮማዊን ምትሕልላይ ዝማእገሉ ክብርታት ኣማዕቢሉ፡ ብቑጠባን ትምህርትን ቴክኖሎጂን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለ ክምዝበጽሕ ምግባር እዩ። ራእይና ሕብረተሰብ ኤርትራ ብስሚት፡ ብሞገድኑት ኣብ መንጎ ወዲተባዕታይን ጓለንስተይትን፡ ብፍቕሪ ሃገርን ሰብኣዊ ሓልዮትን፡ ብዲሲፕሊን ሰራሕን ፍትወት ፍልጠትን፡ ብምኽባር ሕጊን ስነ-ስርዓትን ብናጽነትን መሃዝነትን ዝልለ ክኸውን እዩ።

ብሓጺሩ ሃገራዊ ራእይና ከም ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ታሪኽና ብቐጻሊ ሓድሽ ታሪኽ እናሰራሕና ምምራሽ እዩ። ምዕቡል ቁጠባን ስልጡን ፖለቲካዊ ስርዓትን ንምፍጣር ራእይ ዘለዎ ህዝቢ ከኣ፡ ንኡ ዝበቅዕን ዘገልግልን ባህሊ ከማዕብል የድልዮ። እዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ፡ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ ንምዕንባብ ልዑል ተገዳስነትን ኣቓልቦን ሂብና ክንሰርሓሉ ጸኒሕና ኣለና። ኣብ ባህሊን ስነጥበብን ዝግደሱን ዝተጥፍኡን ዜጋታት ከኣ፡ እዚ ዕላማ'ዚ ብምግንዛብ፡ ብውልቂን ብእኩብን ዘፍርይዎ ዘለዉ ስርሓት፡ ኣብ ምድማቕ ሃገራዊ ዕላማን ራእይን ዝኩብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝእንገድ ዘሎ ፈስቲቫላት 2026 እምበኣር፡ ኣብዚ ሓድሽን ትስፉውን መድረኽ ንዝለዓለ ብቕዓትን ኣድማዕነትን ንቕሓትና፡ ውዳበና ከሓይል ቃልና እኣሐድስሉ ኣገዳሲ መድረኽ ሃገራዊ ምትእኽኻብ እዩ። ፈስቲቫላትና ከም ሃገርን ህዝብን ክብርታትናን መንነትናን ንምዕቃብ እእሳስሎ ዘለና ስራሕ እነድምቐሉ፡ ብዙሕነት ዝሰረቱ ባህልና፡ ሃገራዊ ስሚትናን ፍቕርናን፡ ታሪኽናን ኣሃብሮናን፡ ስሙር ጻዕርናን ሓባራዊ ራእይናን እነንጸባርቐሉ ኣገዳሲ መድረኽ ሃገራዊ ምትእኽኻብ እዩ። ጥዑል ክራማትን ቅኑ ፈስቲቫልን!

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወተሃደር ደርግን ልኡኽ ሻዕብያን

2ይ ክፋል

ምስ ፍስሃ ሚካል ናሽሕ ናይ ዝተገብረ ቀዳማይ ክፋል ቃለመጠይቕ ተዘኪሮኡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣቕሪብና ነይርና። ንሱ፡ “ሓኪም እንስሳ ክትመሃሩ” ብዝብል ጉልባብ ምስ ብጾቱ ናብ ኣስመራ ምስ ከደ ኣብ ወተሃደራዊ ስልጠና ኣትዩ ድሕሪ ምዕላሙ ኣብ ብሄራዊ ውትህድርና ከም ዝተኸትበ፡ እንተኾነ ዕድል ገይሩ ኣብ ዓዱ (ሓጋዝ) ከም ዋርድያ ናይ ሓላፊ ምምሕዳር ተመዲቡ ክሰርሕ ከም ዝጀመረ፣ ከምኡ ኢሉ እንከሎ ከም ሓፋሽ ውድብ ምስ ህዝባዊ ግንባር ተወዲቡ እናንጠፈ እንከሎ ግን ጽሑፋት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓውሲ ከተማ ሓጋዝ ኩብትን ኣምስዩ ኣብ ኢዱ ብዝተረኽበ ጽሑፍ ብጥርጠራ ንኣስታት ሓደ ዓመት ኣብ ማርያም ግቢ (ኣስመራ) ከም ዝተኣሰረ ተገሊጹ ነይሩ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፥

- ኩነታት ናይቲ ቤት ማእሰርቲ እንታይ ይመስል ነይሩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዙሕ ሰብ ተኣሲሩ ነይሩ። ኣብቲ ዝነበርናዮ ይዕዘዞ ከም ዝነበርኩ፡ ብዙሕ ንባሕሪ ዝንቀሳቐሱ ሓረስቶትን ሰበኽ ሳግምን ይዕዘብ ነይረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ግራዝማች ዕጆልን (ኣብ ሓለፍቲ ርእሰ ምምሕዳር ቀላታት ኤርትራ)፡ ተፈራ ወንዴን እሱራት ክርእዩ ንኮለላ መጺኦምና። ወሰን ኢሎም ንኹሉ እሱር ብውልቂ እናረኸቡ፡ “ንስኻ እንታይ ጌርካ፧ ንስኺ እንታይ ጌርኪ፧” እናበሉ ኣባይ በጺሖም። ግራዝማች ዕጆል ከኣ፡ “ንዓኻ ኣበይ'የ ዝፈልጠካ፧” ኢሉ ሓቲቱኒ። ምኽንያቱ፡ ንክሊፋ እድሪስ መሓመድ ዑስማን ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ዓጂብና ብዙሕ ግዜ ንገዝኡ (ንኣቑርደት) ንኸዶ ኔርና ኢና። ንሱ'ውን ንኣስመራ ክሓልፍ ከሎ መኪና ላድሮቨሩ ደው ኣቢሉ ናብቲ ምምሕዳር ኣላጊሱ ምስ ኣማሓዳሪ ከዕልል ከሎ ይረኽበና ነይሩ እዩ።

ስለ'ዚ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝፈልጠኒ ስለ ዘረጋገጽኩ፡ “ኣነ ወዲ ክሊፋ እድሪስ'የ” ኢለዮ። ክሊፋ ኣብቲ እዋን'ቲ ህዝባዊ ግንባር ስጉምቲ ስለ ዝወሰደትሉ ብህይወት ኣይነበረን።

“እንታይ ኣምጺኡካ ናብዚ፧” ተገዲሱ ሓቲቱኒ።

“ኣሲሮምኒ፣ ወረቓቕቲ ደርቢኹም'ዮም ዝብሉ፣ ግን ኣይብኢደይ ኣይብእግረይ ወላሓንቲ ኣይገበርኩን፣ ፍጹም ምሳይ ምትእስሳር ዘይብሎም ሰባት'ውን ተኣሲሮም ኣለዉ” ምስ በልኩዎ፡ ኑቲ ኣዛዚ፡ “እዚ እንታይ'ዩ ኣቦሳኡ፧ ኣቦኡ ብሻዕብያ ዝተቐትለ ኣብዮታዊ እዩ” ኢሉዎ።

እቲ ኣዛዚ'ውን ብጥርጣረ ከም እተኣሰርና ገሊጹሉ። ምርመራ ወዲኦም ውሳነ ጥራይ ከም ዝተረፈና ገሊጹ።

ግራዝማች ዕጆል፡ “ውሳነ ሃቡዎ፣ ልቐቑዎ፣ እዚ ሰብ'ዚ ከመይ ገይሩ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ክወርድ ይኽእል፧” ኢሉዎም። ድሕሪ ግራዝማች ዕጆል ምዝራብ ክልተ መዓልቲ ጸኒሕና ተፈቲሕና።

ሓጋዝ ወርድ ምስ በልኩ፡ ቀጥታ ተመርዕየ። ኣቦይ ጓል ሓምደ ንኽመርዕወኒ ኣረዲኣየ፣ ሓምደ'ውን ብሓጎስ ተቐቢሉኒ፣ ተመርዒና። ምስ ሓምደ ፍቕርና ብመውሰቦ ምስ ደራዕናዮ፡ ከይተሰከፈ ብዛዕባ ውድባዊ ዕማም ኣልዒሉ፥ “ምስ'ዞም ሻዕብያ ርኹብ ነይሩካ'ዩ፣ በቲ ዝገበርካዮ ምትሕብባር ከኣ ኣሲሮምኻ፣ ስለ'ዚ ምትሕብባርካ ክትቅጽል ኣሎካ፡ ኣነን ንስኻን ብኻልእ መስመር ክንሰርሕ ኢና፣ እቶም ሕጂ ዝልእኩና ጽፉፋት ሰባት'ዮም፣” ኢሉኒ።

ብወገነይ ኣይተማታእኩን፡ ተቐቢለዮ። ኣብ መጀመርታ 1988 እዩ ዝኸውን ዘሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ኣብ መንጎ ሓምደን ዝለኣኣኽ ኣሰይድ ዑስማን ሓመድኑር ኑሩ እዩ። ሓምደ፡ ንዓይን ንዕኡን ከየላለየ በበይንና ምስጢራዊ ስራሕ ክንሰርሕ ሓዚና። ንኣሰይድ ዑስማን ሓመድኑር ከም ተራ ብገመሉ ዕንጨይቲ እናምጽአ ኣብ ሓጋዝ ዝሸይጥ'የ ዝፈልጦ ዘለኹ።

- ስለ'ዚ ሓምደ ደዩ ዘውድበካ ዘሎ፧

ኣብ ምውዳበይ ሓምደ ዓቢ እጃም ነይሩዎ። ኣባላት ስሊያ 72 ብመንገደይ ክሰርሕ ዝድለ ዓቢ ዕማም ተሓሲቡ ነይሩ። ቀድሚ ናብቲ ስራሕ'ቲ ክልእኩኒ ምጅማሮም ግን፡ ንዓይ ከይረኸቡ ብመንገዲ ኣሰይድ ዑስማን ሓመድኑርን ሓምደ ሕጃይን ጽሑፋት እናልኣኹ ንሓበሬታ ዝምልከት ቀልል ዝበለ ስራሕ ብምሃብ ይፍትኑኒ ነይሮም። እቲ ክመጽኣኒ ዝጀመረ ደብዳቤ ካብ 96 ናብ 69 ዝብል ኣድራሻ ኣሎዎ። ሓምደ “ካብ ሻዕብያ ናባኻ እዩ” ስለ ዝበለኒ ጥራይ “69” ከም ኮድ መጸውዕየይ ርዲኤያ። መልሲ ክህብ ከለኹ'ውን ካብ 69 ናብ 96 ኢለ ክልእኽ ጀሚረ።

ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ ንሓምደ ሕጃይ ጥራይ እየ ዝፈልጥ ዘለኹ። ንዑስማን ግን ከም ሱብ'ኳ እርእዮ እንተነበርኩ፡ ኣብቲ ስራሕ'ቲ ከም ዘሎ ኣይፈልጥዮን ነይረ። ኣብ መስርሕ ግን፡ ኣብ መንጎ 96ን ኣብ መንጎ ሓምደን ሓደ ዘራኽብ ሰብ ከም ዘሎ ግምታት ኣሕዲረ። ንሓምደ'ውን፡ “ምስ'ዚ መልእኽቲ ዘመላልስ ዘሎ ሰብ ኣላልየኒ” ኢለዮ። ብኻልእ ዘይኮነስ፡ ኣጋጣሚ ኰይኑ እንተተታሒዙ ኩላትና ከይንጠፍእ ካብ ዝብል ሓሳብ'ዩ።

ሓምደ ግን ነጺጉኒ። “እቲ ዝመጽኣካ ዘሎ መልእኽቲ ብናተይ ምትዕጽጻፍ'ዩ፣ በዚ ጉዳይ'ዚ ቅሰን” ኢሉኒ። ቀጺሉ፡ “ድሕሪ ጽባሕ ምሸት ክንገይሽ ኢና፧” ኢሉኒ።

“ናበይ፧”

“ውድብ ትደልየካ ኣላ፣ ንእግረመንገድና ናብ ዕሳሱኽ (ንገዝኡ ማለት'ዩ) ክንላግስ ኢና፧”



ካብ ጸጋም ናብ የማን፥ ኣቶ ዑስማን ሓመድኑር እብራሂም፡ ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል (ጸሓፊ)፡ ኣቶ ፍስሃ ሚካል ናሽሕ

ኢሉኒ። ኣብዘ ዝበለኒ ዝነበረ ዕለት መርዓ ናይ ብጻይና (ናይ ሻለቃ ደረጀ) ስለ ዝነበረት፡ “ከመይ ገይረ ክገይሽ'የ፡ መርዓ ናይ'ዚ ሓላፊና ገዲፈ” እንተበልኩዎ፡ “ናይ ግድን'ዩ፣ ውድብ'ያ ትጽበየካ ዘላ፡” ኢሉ ጸቒጢ። ምስ ገበረለይ ብኡ ተሰማሚዕና።

ገዛ ሓምደ ሕጃይ፡ (ዕሳሱኽ) ክልተ ኪሎሜተር ካብ ሓጋዝ እያ። መጀመርታ ናብኡ ኬድና ዕጥቀይ ኣብቲ ገዝኡ ክገድፎ ምስ ሓበረኒ ቀሩብ ስክፍታ ሓዲሩኒ። ካብ ከባቢ ሓጋዝ ወጻእ እንተኢልካ ሓምሻይ መስርዕ ነይሮም። ክኸትሩና ይኽእሉ እዮም። ሓምደ ግን ዝኣመኖ ግዲ ነይሩዎ፡ “ኣውርዶ ጥራይ!” ስለ ዝበለኒ፡ ሓንቲ ቦምባ ሓቢኣ ብምትራፍ ዕጥቀይን ብረተይን ኣብኡ ገዲፈ ብሓባር ተበጊስና።

ካብ ዕሳሱኽ ወጻእ ክንብል ሓደ ወተሃደር ኣብ መንገዲ ዓጊቱ ሓቲቱና፣ ገመል ከም ዝጠፍኣና ገሊጽናሉ። ግን ብዙሕ ኣይጸቐጠልናን፣ ኣብታ ህሞት'ቲኣ ንዓደርደ ገጽን ዝጉዓዝ ሰለስተ ኣግማል ስለ ዝረኣዩ ገዲፎምና ናብኣተን ከይዶም። ምኽንያቱ፡ እዞም ወተሃደራት ካብ ምዱብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ከትርን ስርቅን ዝተዋፈሩ እዮም። ካብ ድፋዖም ወሪዶም ካብ ዝረኸቡዎም ኮንትሮባንዳን ገባሮን ገንዘብ መመንጢሎም ዝምለሱ ዝነበሩ እዮም።

ኣብ ጉዕዝና ኣሰይድ ዑስማን ሓመድኑር ቀድመና ይጉዓዝ ከም ዝነበረ ድሒረ ኣብ ሓደ መስመር ስራሕ ንሰርሕ ከም ዝነበርና ምስ ተቓልዓኒ'የ ፈሊጠ። ንሱ ከም ዝበሎ፡ ካብቶም ከታሮ ወተሃደራት ሓሊፍና ቀሩብ መንገዲ ምስ ተጓዓዝና፡ ካብ መንገድና የማነ-ጸጋም ተጋደልቲ ከም ዝነበሩ'ዩ ዝገልጽ። ዑስማን፡ ቀዲሙና ሓሊፉ ምስ ተጋዳላይ መሓሪ ጭንዕ ኣዕሊሉ ስራሑ ወዲኡ። መሓሪ፡ ምእንቲ ኣነ ክልተኦም ብሓደ እንክለዉ ከየርክቦም፡ ካብ ጥቕኡ ኣልጊሱዎ ብምጽናሕ፡ ንዓና ተቐቢሉና።

መሓሪ ከዘራርበኒ ከሎ፡ ድሕሪ መእተዊ ዕላል፡ ቀጥታ ናብቲ ክወሃበኒ ዝተደልየ ዕማም ንምግላጽ፡ “ንዓኻ ክንህበካ መዲብና ዘለና ስራሕ ዓቢ እዩ፣ ድሉው ኩን” ኢሉኒ።

ብወገነይ'ውን፡ “ኩሉ ኣነ ዝኽእሎ ክሰርሕ ድሉው'የ” ኢለ ኣረጋጊጸሉ።

“ውድብ ንኣዛዚ 607 ኮር ክትቅንጽሎ ወዲኣ ኣላ። ኣብዚ ስራሕ'ዚ ዓቢ ተልእኾ ክወሃበካ እዩ” ኢሉኒ። ኣብዚ ብንጹር መን ምዃኑ እቲ መኮነን ስሙ ረቒሑ'ዩ ገሊጹለይ። ብሓቂ ከቢድ ተልእኾ ምዃኑ'ውን ተረዲኤ። ኑቲ ኣዛዚ ንምቕንጻል ዓቕብ ምዃኑን ተኽእሎኡ ጸቢብ ምዃኑን ንዝነበረኒ ግምታት ከምዚ ዝስዕብ ገይረ ገሊጸ።

“ኣነ ድሉው'የ፣ ግን እዚ ጀነራል'ዚ ክንቀሳቐስ ከሎ ብርኽት ብዝበለ ናይ ሓለዋ ኣሃዱ ተዓጂቡ'ዩ ዝጉዓዝ። ኣብ ርእሲ'ቲ ክልተ ኦራል ዝመልኣ ናይ ሓለዋ ሰራዊት፡ ደንባይ ቀጢን'ውን ካብ እግሩ ኣይተርፍን'ዩ። ደንባይ ንባዕሉ ክሳብ ሸሞንተ ዝኸውን ሓለዋ ኣለዉዎ። እቲ ጀነራል (ኣዛዚ ኮር 607) ሓጋዝ ኣብ ዝኣትወሉ ግዜ፡ ኩላ ናይ ቀኝን ናይ ራስገዝን ሰራዊት እዛ ንእሽቶ ሓውሲ ከተማ ዕልቕልቕ'ዩ ዝኣትዋ። በዚ ምኽንያት ቀንጺልካዮ ክትወጽእ ኣይከኣልን'ዩ። ምናልባት እንተሰሊጡ ንዕኡ ኣጥፊእካ ብምጥፋእ'ዩ እንተኾነ። ንሱ'ውን ጸቢብ እዩ” ኢለ ገሊጸሉ።

ወዲ ጭንዕ ብወገኑ፡ “ኣጆኻ! ተሓጋጊዝና ክህልወካ እዩም፡” ኢሉ ንኣሰራርሓን ጥንቃቐን ዝምልከት'ውን መምርሒታት ሂቡ ኣፋንዩና።

እቲ ክቕንጸል ዝተደልየ ጀነራል ናብ ሓጋዝ ይመጽእ እዩ። ሓሻ ኣብ ዝተባህለት ካብ ኣቑርደት ዝመጽኣት'ሞ ኣብ ሓጋዝ ውዑይን ዝሑልን መስተ ኣብ ትሸይጥ ጓለንስተይቲ'ዩ ዝኣቱ። ዓጀብቱን ኦፐሬተራቱን መንእሰያት'የም። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ፡ ኩሉ ግዜ ደንባይ ቀጢንን ሙሴ በኺትን ካብ እግሩ ኣይተርፉን እዮም። ከም ወተሃደር መጠን ካብኣቶም ፍንትት ኢለ ኮፍ ክብል ዕድል ይረክብ ነይረ እየ። ግን፡ ንሳቶም ኑብሶም ይኣምኑ ስለ ዘይነበሩ፡ ቀልጢፎም ኣብ ዓይኒ ጥርጠራ ኣእትዮምኒ። ብፍላይ ሙሴ ቀንዲ ተጠራጣራይ ነይሩ። ንሱ ናብ የመን ምስ ሃደመ ኸኣ እቲ ጀነራል መሊሱ ሓለዋ ኣጽዒቑ። ሓለዋ ምጽዓቕ ጥራይ ዘይኮነ ምንቅስቓሱ'ውን ኣጉዲሉ። ናብ ሓጋዝ ምምጻእ'ውን ጠሪሹ ኣቋሪጹ።

እቲ ካልእ ዕንቅፋት፡ ሮመዳን ዓሊሸኽ ዝበሃል ተጋዳላይ ኣባል ናይ ብዓል መሓሪ ጭንዕ ንጸላኢ ኢዱ ምሃቡ እዩ። እዚ ሰብ'ዚ ናብ ጸላኢ ምስ ኣተወ ንልዕሊ 20 ምስ ህዝባዊ ግንባር ክተሓባበሩ ጸኒሖም ዝበሎም ገባር ኣትሒዙ ከም ዝርሸኑ ገይሩ። ሙብዛሕትኦም እቶም ብጸላኢ ዝተቐትሉ ሰባት፡ ካብ ሮራ ቤትገብሩን ከባቢ ሓልሓልን እዮም። እዚ ክቕንጸል ዝተበየነሉ ጀነራል ድማ፡ ኑቶም ክፍሊ ሓበሬታን ድሕነትን ኣኪቡ፡ “ሓደ ዓቢ ናይ ሻዕብያ ብዓል ስልጣን ኢዱ ሂቡ ኣሎ፣ እዚ ሰብ'ዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ወላ ኣነ ኣብ መደቀሲኡ ሓለዋ ክሓድረሉ እየ። ምኽንያቱ፡ ኑቶም ወከልትን ተሓባበርትን ወንበዴታት ብምሉኦም ብወረጦ እናለቐመ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ከም ዘእትወ ገይሩ ኣሎ። ስጉምቲ ከኣ ክውሰዶም እዩ፡” ኢሉ መግለጺ ሂቡ። ድሕሪ'ዚ ኩላትና ስግኣት ሓዲሩና።

በዚ ጉዳይ'ዚ ኣዝዩ ስለ ዝተሻቐልኩ፡ ንሓምደ ረኺበ ኑቲ ኢዱ ሂቡ ዝተባህለ ናይ ሻዕብያ ተጋዳላይ ነበር ይፈልጦ እንተኾይኑ ሓቲተዮ። “ክሳብ ሎሚ ከበር የብልካን፧” ኢሉኒ። ከም ዘይብለይ ምስ ገለጽኩሉ፡ “እሞ ንሱ ደኣ ካብ ዝሰልም ኣዋርሕ እንድዩ ገይሩ” ኢሉኒ። ስለ'ዚ እቲ ጀነራል ውጽኢት ናይቲ ተግባር'ዩ ዘግረና ነይሩ'ምበር መጸኢ መደቡ ኣይኩነን ዝሕብር ዝነበረ። ዝተሓዝ ሰብ ተታሒዙስ ድሮ ኑቶም ዝተታሕዙ'ውን ረሺኖሞም እዮም።

ሓምደ ወሲኹ፡ “ሓንቲ ኣይገብርን'ዩ፣ ተጸጋዕዮ ጥራሕ” ክብል ንኩዓዕ ሮሞዳን ዓሊሸኽ ክከታተሎን ክስልዮን ከም ዘለኒ ገሊጹለይ። እዚ ኩነታት'ዚ ኣብ 1989 ኣቢሉ እዩ ዝኸውን ዘሎ። ኣብ ክንዲ ካብቲ ኩዓዕ ዝርሕቕ ከኣ ከምቲ ሓምደ ዝበለኒ ክላለዮ ጀሚረ። ምስ ግዜ ድማ ጽቡቕ ሌላ ፈጢርናሉ፡ “ኣጆኻ ምሳይ ክትሰርሕ ኢኻ፣ ብሌናም ቢንዖምሮም ኣኪብና ሓንቲ ድልድልቲ ቦጦሎኒ ክንምስርት ኢና፡” እናበለ ንጸላኢ ምግልጋል ዝበሮ ልዑል ቅሩብነት የመልክተለይ ነይሩ። ብወገነይ፡ ካብኡ ጠቓሚ ሓበሬታ እንተ ረኺበ እቐርቦ ነይረ። ግን ዝብላዕ ነገር ኣይረኸብኩሉን። ቀልጢፉ ብሓደጋ መኪና ኣብ ጥንቁላሓስ ስለ ዝሞተ'ውን ርኹብና ነዊሕ ኣይከደን።

ኣማውታኡ፡ ከም ልማዱ ሻምናይ ርእሱ ብምዃኑ ሰላማውያን ሰባት ከጋፍዕን ክርሽንን ኣብ ሓንቲ ጋዘ ዝብሉዋ መኪና ተሳፊሩ እናወፈረ ኸሎ፡ ማርያም ጥንቁላሓስ ሕልፍ ምስ በሉ፡ መኪና ፍሬና በቲኻ ምስ ጎቦ ተጋጭያ ናብቲ ጸድፌ ተገማጢላ። ካብ ላዕሊ ኣንጠራ ንቕድሚኣ ስለ ዝሕለፈቶም፡ ካልኦት ካብ ሞት ክድሕኑ ከለዉ፡ ንሮመዳን ዓሊሸኽ ግን ኣርኪባ በቲ ስፖንዳ ጨፍሊቓ ቀቲላቶ።

**ይቕጽል**

**ማ/ምርምርን መጽናዕትን**

**ቤ/ጽ ጠ/ሓ/ስታፍ ሓ/ምክልኻል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ







## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ

ከሳሲት ሃናእ ናስር ዓብድሰላም፡ ተኸሳሲ ካሕሰየ ሰዒድ ኑር፡ ብዒልቲ ቤትካ ኣብ ሸሪዓ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ምስጥና ጸጋይ ኪዳኑ ኣቦይ ጉብረኤል ቦኸሪ ዘርኣጽዮን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይን 5 ተተካእቲን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕ/ኢ.ኸሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቦል ራእሱ ዑቕባሚካኤል፡ ወለድና ራእሱ ዑቕባሚካኤል ገዘሀይን ንግስቲ ደሰታን ስለዝዋረሩ፡ 6 ደቆም ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ተቐባሊት ወህብቶ፡ ብዕለት 12/06/2026 ብዓል ቤተይ ኣቶ ተኽሉ ዘርኣጽዮን ወልደሰላሴ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ 3 ምም/05 ጎደና ሳህለ ስላሴ ቁ/ገዛ 148 ቁ/ምስክር ወረቐት 118519 መወከሲ ቁ. 123385 ቁ/ሎት 98 ፓርሰል A ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 4 ስፍሓት 500 ት/ሜ ዝኾነ ገዛ ብጽሒቱ ብወህብቶ ስለዝሃበኒ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርያን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ምሕረት ሃይለ ባርያጋብር።

ኣነ ሸያጢት ወ/ሮ ሶሚራ ኣሕመድ ዓሊ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ክቢ ምህራም ጭራ ፕሎት 26R ፓርሰል B ዚፕ ኮድ 1A168 ጎደና ሻምብቆ ቁጽሪ ገዛ 129 ተራ ገዛ ስፍሓት ህንጻ 74.71 ት/ሜ ስፍሓት መሬት ምስ ናይ ሓቦ 225.00 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብ4 ቀንዲ ክፍልታትትን 2 ሓገዝቲ ክፍልታትትን ዝቖመ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM019790/0 ብዕለት 23/12/2025 ዓ/ም ብስመይ ንዘተመዝገበ፡ ንዖናጊት ወ/ሮ ንጽህቲ መኮንን በራኺ ስለ ዝሸጥኩላ'ሞ ናብ ስም ዖናጊት ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒዩሩ ወሳኒ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሶሚራ ኣሕመድ ዓሊ.

ኣነ ሮማ ጉብረኪዳን ዘርኣብሩኽ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ሰምበል ፕሎት 65 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00009146 ፓርሰል R ከበ.ዚፕ ኮድ 1A835- ጎደና 835-54 ቁጽሪ ገዛ 18 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር መለለዪ ቁ.ንብረት 1:006399/01 ብዕለት 29/05/2012 ብስመይ ተመዝገበ ዋንኑ፡ ዝተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ክሸጦን ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍን ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ወሳኒ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ሮማ ጉብረኪዳን ዘርኣብሩኽ

## ብሉጽ'ን መሳጥን ህያብ ንደቅኹም!

መጽሓፍ 'ደሴት ቍጽርታት 1'ን 'ደሴት ቍጽርታት 2'ን ዝተሰምየ መጻሕፍቲ፡ ንደቐኹም ኣብ ዓለም ስነ-ቍጽሪ ዘጥሕላ መጻሕፍቲ እየን። እዘን መጻሕፍቲ እዚ ዝስዕብ ቀንዲ ትሕዝቶ ሒዘን ይርከባ፡

-20%





- ቍጽራዊ ጸወታታት፦ ብመገዲ ዛንታታት ኣቢሎም ባህሊ፡ ቋንቋ ትግርኛን ዝተፈላለዩ ስነ-ቍጽራዊ ሓሳባትን ንምርዳእ።
- ቍጽራዊ ጸወታታት፦ ኣብ ገዛውቶም ይኹን ኣብ ቤት-ትምህርቲ እና ተጻወቱ፡ ስነ-ቍጽሪ ዝርድኡሉ ኣዝዩ ኣዘናጋዒ ጸወታታት።
- ቍጽርታት ብትሸዓቲኡ ብሄራት፦ ኣደማምጻ ካብ 0 ክሳዕ 100 ዘለዉ ቍጽርታት።

እዘን ካልእን ኣጠቓሊለን ይርከባ። ከብሒ መጻሕፍትኹም፡ ነዘን መጻሕፍቲ ስኢኑ ቁሪሩ'ዩ ዘሎ! ግዝእወን! ፍልጠትኩም ኣኻዕብቱ!
ነዛ ጋዜጣ ናብ ፌስቲቫል ኤክስፖ ሒዝኩምዋ ምስ ትመጽኡ፡ ነተን መጻሕፍቲ 20% ጉደሎ ዋጋ ክትገዝእወን ትኽእሉ።

ደራሲት፡ ፈሪሓ ኣሕመድ    ቍ.ተሌፎን፡ 07175030

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## State of Eritrea
## Ministry of Agriculture
## Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 27 April 2026, and national newspapers Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 13 May, 2026.

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Supply, Installation, commissioning of irrigation scheme pipeline and solar power pumps assorted in 2 lots and Procurement of Shed-net house assorted in 2lots. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using em-ail address below. Upon filling the form, the bidders should return the filled form through a reply email, and the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time, 15 September 2026.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Senior Procurement officer) Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com    Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048 Block Number: 6    Room Number: 8 Asmara, Eritrea

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing deceleration.

10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely, Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (IADP Project Senior Procurement officer) Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com    Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048 Asmara, Eritrea

## ምልክታ

ምልክታ ንህዝቢ፣ "ጽምዶ ናይ ዓበይቲ መኻይን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር" በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ተማስሪቱ ኣሎ፡

ሀ. ኣባላት ማሕበር

| | ስም | ዜግነት | ኣድራሻ | ብርኪ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ዘወልዲ ጊላይ ኢሳቕ | ኤርትራዊ | ተሰነይ | 100 |
| 2. | የርሳሌም ጋይም እምባፍራሽ | ኤርትራዊት | ተሰነይ | 100 |
| 3. | ኣራንሺ ገብረሃዋርያት ግሉ | ኤርትራዊት | ተሰነይ | 100 |

ለ. ቤት ጽሕፈት ማሕበር ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ተሰነይ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ይኸፍት።

ሐ. ዕላማታት ማሕበር

1. ኣብ ኣገልግሎት ምግዕዓዝ ደረቕ ጽዕነት ገልበጥቲ መካይን
2. ኣብ ሓፈሻዊ ንግዳዊ ስርሓት ብዘርዝርን ብጅምላን ምሻጥ
3. ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ምስናዕ ምስራሕ
4. ኣብ ምምጻእን ምልኣኽን ንጥፈታት ምስራሕ
5. ኣብ ወጽኢት ሐጻን ቸሚንቶን ምስራሕን ምሻጥን

መ. ርእሰማል ማሕበር ናቕፋ 300,000.00 (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ኮይኑ ነፍስ ወከፍ ናቕፋ 1000.00 ናቕፋ (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ዝዋጋኡ 100 ምዝገባት ብርኪታት ብኣባላት ማሕበር ብምሉኡ ዝተዋጽአን ብጥረ ገንዘብ ዝተኸፍለን እዩ።

ሰ. ኣቶ ዘወልዲ ጊላይ ኢሳቕ ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ንዘይተወሰነ ጊዜ ክሰርሕ ብኣባላት ተመሪጹ ኣሎ።

F. እዚ ማሕበር ንዘይተወሰነ ጊዜ ተማስሪቱ

ጽምዶ ናይ ዓበይቲ መኻይን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር

---

ኣነ ኣመልካቲት ምሕረት ክፍላይ ዑቕባዝጊ ዝተባህልኩ ሕጋዊት ወራሲት ሓፍተይ ነፍሲሄር ሄለን ክፍላይ ዑቕባዝጊ ዝኾንኩ፡ ብስመይን ብስም ሓፍተይ ነፍሲሄር ሄለን ክፍላይ ዕቕባዝጊ ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ ጎዳይፍ፡ ጎደና 712-68 ቁ/ገዛ 104 ፕሎት 55፡ ፓርሰል G ኣብ ጨ/ም/ንብረት ብመለለዩ ቊ.ንብረት 1:000270/2 ተመዝጊቡ ዝርከብ ቤት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ናይ ቤት-ፍርዲ መአገዲ ሐዙ ወይ ይግባይ ተባሂሉ ኣንተኾይኑ ናብ ነታዮ ዞባ ማእከል ከቀርብ ንሕብር። እንተዘይቀሪቡ ግን ሰነዳተይ ሐዚዩ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ ይሕብር።

ምሕረት ክፍላይ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ሸሪዓ

ዓቤት መሓመድ መሕሙድ፡ ማሕሙድ ኣደም ኣድሪስ ስለዝዋረሬ፡ ወረስቲ ከኣ ብዓልቲ ቤቱ ዓቤት መሓመድ፡ ወላዲኡ ኣደም እድሪስ ምስ ደቁ 10 ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኢብራሂም ዓ/ዋሃብ ነጋሽ፡ ተኸሳሲ ስልጣን ዓ/ዋሃብ ነጋሽ፡ ሓውኻ ኣብ ሸሪዓ ክሲ ኣቕሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሳል ወ/ሮ ረዛን ርእሶም ዑቕባዝጊን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሄኖክ የውሃንስ ሃይለን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣብ መንጎ ኣቶ ተኽለማርያም ኣረፈ ተወልደብርሃን (ሞግዚት ወ/ሮ ዘውዲ ሃብተእየሱስ ዑቕባእንድርያስ)ን ተጻዋዒ ኣቶ ኤፍሬም ተስፋይ ኣረፈን ዘሎ ናይ ወክልና ምስራዝ ጉዳይ፡ ተጻዋዒ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ተጻዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ. 32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲት ኣቶ ልኡል ካሕሳይ፡ ተቓዋሚ ኣቶ ጴጥሮስ ሃብተማርያም ብርሃ፡ ንዓኹም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ 41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሰስቲ ወረ/ነፍ ሃብተ ተስፋሚካኤል፡ ወረ/ነፍ ሉተብርሃን ሃብተ ተስፋሚኤል ለምለም ተስፋጽዮን (ብወኪል) ተኸሰስቲ 1. ኣስቴር ከስተ ሃብተ 2. ሃብተ ከስተ ሃብተ 3. ርብቃ ከስተ ሃብተ 4. ተላ ከስተ ሃብተ 5. ግርማይ ከስተ ሃብተ 6. በለጠ ከስተ ሃብተ 7. ኣብረሀት ሰለሙን 8. ኅይትኣም ሰለሙን 9. ሳራ ሰለሙን 10. እዝግዝርያ ተስፋጽዮን ዘርኢያቆብ 11. ሉተኺዳን ተስፋጽዮን ዘርኢያቆብ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲ የናስ ተኽለሃይማኖት ሃይለሚካኤል፡ ተኸሰስቲ 1. ሄለን ተኽለ 2. ራይሞን ኢያኑብ ኣሕፈርም 3. ሜሮን ኢያኑብ ኣሕፈርም 4. ዮራን ኢያኑብ ኣሕፈርም 5. ኤልዳና ኢያኑብ ኣሕፈርም፣ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ኣቶ ዳዊት ተኽለማርያም ቀለታ፡ ወለደይ ነ/ፍ ተኽለማርያም ማሳልኣብ፡ ነ/ሄራት ሉተኪዳን ሃብተ ዲናይ፡ ብህይወት ከለዉ ጠቕላላ ብስሞም ዝርከብ ናይ ብሕቲ ንብረቶም ካብ ዝኮኣሰ ክሳብ ዝዓበየ ማለት፡ ጥሪትና ብዕራይና ወርቅና ዘለና ጥረ ገንዘብን ኣብ ሕምብርቲ ዘሎ ጤሳና ሰፍሓቱ ቁ/00735 ሜትሮ ኑ 7 ሜትር ህድሞ መረባዕ ብድሕራትን ብቅድሚትን ዘለዎ መዳውብቲ ብስማን ምስ ጸርግያ ብደቡብ ምስ ጸርግያ፡ ብምብራቅ ምስ ሃብተጼን ሰቋር፡ ብምዕራብ ምስ ተስፋማርያም ዝዳወብ ዘይንቀሳቐስ ገዛና ናይ ብሕቲ ንብረቱ ክኸውን ዝበል ወህብቶ ክጸድቀልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተስፋልደት፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነ/ራት መኣዛ ተኽለሃይማኖት 1. ወር/ኦ ሓጀር ጉብረማርያም 2. ቀሺ ጉብረእግዚኣብሄር ተኽለሃይማኖት 3. ቁ/1 ወ/ሮ ኣኸበረት ተኽለሃይማኖት፣ ናይ ስም ምስጋጋር ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልክን ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን ጉዳይክን ኣብዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሰሚራ ክፍላት ጉብረህይወት፡ ኣቦይ ክፍላት ጉብረህይወት ስለዝዋረሬ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን06/08/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ መሓሪ ኣስገዶም በዙበህ፡ ብርኸቲ እስጦስ ስለዝዋረሬት፡ ውላድ ስለ ዘይብላ፡ ሓብታ ንዓይ ከኣ ዓዋይ ነፍ/ሄ ሉቴሰብ ወሌሰብ ስለዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/07/ 26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሰሚት ንገሰ ዓፋ፡ ተጻዋዒ ኣቶ የውሃንስ ተስፋይ የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኑቢያት ጉብረየሱስ ባርካይ፡ ተጻዋዒ ረድኢ ሉቃስ ዓብደላ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ሳልም ኣድሓና ሕሳፉ፡ ተጻዋዒ ኣቶ ተወልደ ሃብተጽዮን ተኽሉ፡ ወኪል ኣቶ ሳልሕ ዐሰማን መሓመድ፡ መኪና ቁ. ሰሌዳ ER-1 -026003 ቁጽሪ ቻሲ RX 60017099 ብዕለት 12/03/2 ዝዓደግኩዋ ናብ ስመይ ክየመሓላለፈለይ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማስርሕ ክዙበር ስለ ዝደለኹ፡ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪል ናብ ስመይ ከመሓላልፍ እየ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኣቶ ጃምጥ ተኸስ ጉብረማርያም፡ ምግል ተሪፉ፡ ጃምጥ ከስተ ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲ ሐሰና ዓሊ ሐሮ፡ ተኸሳሲ ሐሴን ዓሊ ዶራን፡ ብዕለት 12/06/26 ዓ/ም፡ ኣልጀዥራል ዝዓይነታ፡ ቁ/ሰሌዳ ER1-02164 ቁ/ቻሲ FI-15-0006925 ሞተር H8HP ዓቕሚ ሞተር ሰሰ HC93955 ሓይሊ ፈረስ H8HP ቁ/ሞተር 1091348 ብስም ሐሴን ዓሊ ዶራን ትፍለጥ መኪና፡ ብዕለት 15/05/1998 ዓ/ም ሸይጠለይ፣ እንተኾነ ስም ዋንነት ስለ ዘየመሓላለፈለይ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጻዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ብስም ወ/ሮ ማክዳ ነጋሽ እያሱ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 16787 ቁጽሪ መዝገብ 14684 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ሃለኽቲ ድኳን ንኣቶ/ወ/ሮ ርግኣት ኢሳቕ ጉብረሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፡ ተለፎን 07382400፣ ካብ ዕለት 01/04/26 ክሳብ ዕለት 31/03/29 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ማክዳ ነጋሽ እያሱ
ሕጋዊ ወኪል ኤፍሬም ነጋሽ

ብስም ኤደን ኣስመሮም ሃይሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁ/ንብረት 1:005062/1 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ መዋኛ ናይ ዝርከብ ገዛ፡ ኦሪጂናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣኒ፤ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07112858 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ኤደን ኣስመሮም ሃይለ
ብወኪል ኣስመሮም ሃይለ

ኣነ ዓዲኒ ኣቶ ኣማኑኤል መንግስ ተኽለሃይማኖት፡ ኣብ መንጎና ብዝበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ን/ዞ/ማእከል-ከተማ ጎደና መንደፈራ ዚፕ-ኮድ 1A176 ፕሎት 53 ፓርሰል C1 ስፍሓት-መሬት 31.3 ት/ሜ ቁ/መዝ/ንብረት (ካዳስተር) ASD00048185 ኮ/ኣብይቲ ምስክር ዋንነት (ልብሬቶ) 1BRASM019155/1 መለለዩ ገዛ SD00048185 ብስም ወ/ሮ ልኡላ ማስፍን ምራጭ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ መንበሪ-ገዛ ስለ ዝዓደግኩ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ-ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት-ጽሕፈት ፓብሊክኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪበና ጉዳይና ክፈጸም ምዃንና እሕብር፡፡

ኣማኑኤል መንግስ ተኽለሃይማኖት

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሰወዘ ቁ-ገዛ 15 ፕሎት-ስፍሓት መሬት 500 ት/መወከሲ ቁ101644/101645 ዋንነት (ሊብሬቶ) ኣቶ ጉብረመድህን ወልደማርያም ኪዳኑ፡ መወከሲ ወረቐት 102302 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብምቕሊት ውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሃና ጉብረመድህን ወልደማርያም

ኣነ ኣቶ ባይሩ ፍስሃየ ባይሩ፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ምጽዋዕ ፕሎት 104 ፓርሰል 2/06 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 2:000350/02 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ፡ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ባይሩ ፍስሃየ ባይሩ

## ጨረታ

ምውጋን ንብረት መንግስቲ፡ ኣብ መኽዘን ፈሮቪያ ንዝርከብ ብዙሒ ዘለዎ ዝተፈላለየ ንብረት ክሸይጥ ንኹሎም ሕጋውያን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ተጫራታይ ክፉት እዩ፡፡
2. ተጫረትቲ ናይ
2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፤
-100,000.00 ናቕፋ ትሕጃ በካ ሒዞም ይቐርቡ፡፡
3. ጨረታ፡ ዕለት 24/07/2026 ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይካየድ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፎሮቪያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ምውጋን ንብረት መንግስቲ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ምውጋን ንብረት መንግስቲ

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ሸታ

## መተባብዕን መአረምታን ኣብ ግዜኡ



ሓደ ቈልዓ፡ ናብ ገዛኦም ጋሻ መጺኡ ቡን እናሰተየ ከሎ፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ጋሻ ይርብሽ'ሞ፡ ቡን ተፈልሐ ዝነበረት ኣደኡ ክትሃርሞ ተሃንዲዳ ብምትንሳእ ደድሕሪኡ ክትጕዪ ጀመረት። ዝሓሰበቶ ከየተግበረት ከላ ግን፡ እቲ ጋሻ "ግደፍዮ'ንዶ ቈልዓ እንድዩ፡" ስለ ዝበላ ተሰኪፋ ሓደገቶ። ሕርቃና ውሒጣ፡ "ደሓን፡ ደሓር እንታይ እገብረካ ባዕለይ'የ ዝፈልጥ፡" ብምባል መቕጻዕቱ ከም እተሰጋገረ ዝሕብር መልእኽቲ ሰዲዳ ናብ ጕዳያ ተመልሰት። እቲ ዝርብሽ ዝነበረ ቈልዓ፡ ኣደኡ ካብ ኮፍ መበሊኣ ምስ ተንሰአት ክትሃርሞ ምዃና ተረዲኡዎ ፈሪሑ'ኳ እንተ ነበረ፡ ምስ ገደፈቶ ግን ተተባቢኡ ብሓድሽ ሓይሊ ከዕገርግር ጀመረ። ጋሻ፡ ዝብላዕ በሊዑ፡ ዝዕለል ኣዕሊሉ ከደ። ጋሻ ክኸደላ ክትጽበ ዝወዓለት ኣደ፡ ኣብ ቡና ከዕገርግራ ንዝወዓለ ወዳ ሻቡ ተሳሂለቶ። እቲ ቈልዓ፡ ነቲ ክርብሾ ዝወዓለ ሰዓታት ስለ ዝሓለፎ፡ ተግባራቱ ድሮ ረሲዑዎ ነበረ። 'ንምንታይ እቕጻዕ ኣለኹ' ብዘመልክት ኣጠማምታ፡ ብዘይ ዕጉብ ስምዒት ተፈራሪቑ ናብ ብኽያት ኣበለ። ስርዓት ከተትሕዞ ዝዓለመት ኣደ ከኣ ብሰንኪ ዘይቅኑዕ ግዜን ኣገባብን መቕጻዕታ ብላሽ ኮይኑ ተረፈ። እዚ ኣገባብ ንቈልዑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓበይቲ'ውን ንጥቀመሉ ኢና። "ደሓን ይድገም እሞ፡" እናበልና ጕዳያት ኣብ ግዜኦም ክንፈትሖምን ክንእርሞምን ዝግባእ፡ ሸለል ንብል። እወታዊ ጽልዋ ንዘለዎም ጠባያት፡ ኣብ ግዜኡ ከነተባብዕ ኣክንዲ ንሰርሕ፡ ብሰንኪ ምድንጓያት ግብረ መልሲ ኣብ ባህርያት ሰብ ምድንጋራት ክንፈጥር ንርአ። መቕጻዕቲ፡ መአረምታ፡ ምትብባዕን ካልእ ኣገባባት ምልመላን፡ ንባህርያት ጸላዊ ምእንታን ክኸውን፡ ምስቲ ዝትግበር ዘሎ ተግባር ቀጥታዊ ርክብ ክህሉዎ ኣሎዎ።

ኣብ ዓውዲ ስነ ልቦና 'ክላሲካል ኮንዲሺኒን'፡ ከምኡ'ውን 'ኦፐራንት ኮንዲሽኒን' ዝብሃል ክልተ ምስ ምምሃርን ምምልማልን ባህርያት ደቂ ሰብ ዝተሓሓዘ ውሩይ ክለሰ ሓሳባት ኣሎ። ክላሲካል ኮንዲሽኒን፡ ብምትእሳሳር እነጥርዮ ናይ ባህሪ ለውጢ ክኸውን ከሎ፣ ኦፐራንት ኮንዲሽኒን ከኣ ውጽኢት ተግባርና ብምዕዛብ ዝመጽእ ናይ ባህሪ ለውጢ እዩ። ሓደ ከልቢ ቃጭል መምስ ተደወለ መግቢ ክመጽእ ብተደጋጋሚ ምስ ተዓዘበ፡ ቃጭል ምስ መግቢ የተኣሳሰሮ እሞ፡ ቃጭል ምስ ሰምዐ ብህርፋን ክልሂ ይርአ። እዚ ኣገባብ፡ ባህርና ብምትእስሳር ክምልመል ከም ዝኽእል ዘብርህ ናይ 'ክላሲካል ኮንዲሺኒን' ውጽኢት ምርምር እዩ። እቲ ካልእ ኣገባብ፡ እቲ ብውጽኢት ተግባርና እነምጽኦ ናይ ባህሪ ለውጢ እዩ። ተመራማራይ ኤድዋርድ ቶርንዳክ ብ1898 ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ሓንቲ ድሙ ኣብ ሓደ መስገድላዊ ባኮ (puzzle box) ብምእታው፡ 'ውጽኢት ተግባራ ንባህሪኣ ብኸመይ ይጽሉ' ክከታተል ምርምር ኣካይዱ ነይሩ። ኣብ ፈለማ እታ ድሙ ፋሕተርተር ብምባል ክትወጽእ ብዙሕ ፈተነታት ኣካየደት። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ከኣ ነቲ መስገደላዊ መስመራት ሓሊፋ መውጽኢ ከፋት ረኺበት። ውጽኢት ዓወታ ከኣ ድሕሪ'ቲ መውጽኢ መስመር ሓደ ዓሳ ረኺበት። ኣብ ካልኣይ ፈተነኣ ብዙሕ እኳ እንተ ጸዓረት፡ ካብቲ ቀዳማይ ብዝውሑድ ፈተነታት ነቲ መውጽኢ ረኺበቶ፣ ደጊማ ከኣ ዓሳኣ በልዐት። ኣብ ሳልሳይን ዝቕጸለን ፈተነ፡ በቲ ኣብ መጨረሽታ ትረኽቦ ዝነበረት መተባብዒ ተደሪኻ፡ መውጽኢ መንገዲ ብቕልጡፍ ክትረኽቦ ተራእየት። ቶርንዲክ፡ ነዚ ውጽኢት ምስ ኣስተብሃለ፡ 'ሕጊ ውጽኢት' (law of effect) ዝብል መሰረታዊ ሕጊ ኣማዕበለ። እቲ ሕጊ፥ ጽቡቕ ውጽኢት ዘሎዎ ንጥፈታት ብተደጋጋሚ ክኽሰት ተኽእሎ ከም ዘሎዎ፣ እቲ ሕማቕ ውጽኢት ዘሎዎ ከኣ ብኣንጻሩ ክደጋገም ዘሎ ተኽእሎ ትሑት ምዃኑ ይገልጽ። 'ሕጊ ውጽኢት'፡ ምስቲ ኣብ ዓውዲ ስነ ልቦና ምኩር ተመራማራይ ዝኾነ ቢ.ኤፍ. ስኪነር ቀዲሙ ዘምጽኦ ክልሰ ሓሳብ 'ኦፐራንት ኮንድሽኒን' ዝመሳሰል እዩ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና እንተ ተዓዚብና'ውን፡ ቀዲሙ ዝሰልጠና ዕዮታት ጥራይ ኢና ደጋጊምና ክንዓዮ እንደሊ። እምበር፡ ሕማቕ ውጽኢት ዘርኣየናስ፡ ዋላ ኣገዳሲ ይኹኑ፡ ክንደግሞ ኣይንተባባዕን ኢና።

ባህርና፡ እንተስ ብምምስሳል እንተስ ብውጽኢት፡ ብእንገብሮ ንጥፈታት ከም ዝጽሎ ብዙሕ መርትዖታት ኣሎ። እዚ ኣብ ቦታኡ ሃልዩ፣ እዚ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት፡ ኣብ ባህርና ዘርእዮ ጽልዋ ደረጃታቱ ንኸፈላለ ዝጸሉ ካልእ ረቛሒታት ኣሎ። ሓደ ካብዚ ረቛሒታት ከኣ 'ግዜ' እዩ። ሓደ ሰብ፡ ጌጋ ፈጺሙ ክንገንሖ ወይ ዝነኣድ ስራሕ ሰሪሑ ከነተባብዖ ምስ እንደሊ፡ መኣስ ግብረ መልሲ ንህብ፡ እቲ ሰብ ዝተፈላለየ ባህሪ ንኸርኢ ጽልዋ ኣሎዎ። ልክዕ ምስ ተጋገየ ወይስ ስራሕ ምስ ወድአ ዲና መአረምታ ንህብ፧ ቅኑዕ ሰሪሑ ምስ ወድአ ሽዑ ንሽዑዶ ወይስ ድሕሪ ዓመት - ክልተ ዓመት ወይ ብምኽንያት ሓሙሽተ ዓመት ገምጋም ትካልና ኢና ነተባብዕ፧ ግብረ መልሲ ምሃብ፡ መአረምታ ወይ መተባብዒ፡ ኣብ ባህሪ ሰብ ዘምጽኦ ለውጥታት ብመንጽር ንወስዶ ግዜ ክቀያየር ይኽእል። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ 'ምድንጓያት ኣብ መቕጻዕቲ'፡ ብ30፡ 60ን 120ን ካልኢት፡ ካብቲ ብቕልጡፍ ዝወሃብ መቕጻዕቲ ዘመጽኦ ጽልዋ፡ ውጽኢቱ ከም ዝጕድል ኣብሪሁ። ንግሆ ንዝበደለት ውላድና፡ ምሸት ነታ ትፈትዋ መደብ ህጻናት ኣብ ተለቭዥን ክትርኢ ምኽልካል፡ 'ስነ ስርዓት የትሕዛ ኣለኹ' ኢልና ውሸጥና ካብ ምዕሻው ሓሊፉ ዝጠቕሞ ውሑድ እዩ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምምልማል ባህሪ፡ ብምትእስሳር ይኹን ብውጽኢት ተግባር፡ ሰሪ ናይ ግዜ ጋግ ተግባራዊ ኣይከውንን። እዛ ቈልዓ ድሕሪ ምርባሻ እንተ ትግናሕ፡ ኣብ መጻኢ 'ምርባሽ ምስ መግናሕቲ' ብምትእስሳር ክትደግሞ ኣይምተተባብዐትን። ወይ ደድሕሪ ምርባሻ መግናሕቲ እንተ ዝስዕብ፡ 'ውጽኢት ረብሻ መግናሕቲ'ዩ፡' ኢላ ብምሕሳብ ኣይምደገመቶን። ንግሆ ዝተፈጸመ ፍጻመ፡ ምሸት ግብረ መልሲ ምስ ዝወሃብ ግን፡ ምስቲ ምሉእ መዓልቲ ክፍጸም ዝወዓለ ንጥፈታት ስለ ዝጅላሕ፡ ኣንፈት ዕላማኡ ይስሕት። እዚ ዕላማኡ ዝሰሓተ መቕጻዕቲ ይኹን መተባብዒ፡ ንኣና ዘይርድኣና ካልእ ዘይተዓለመ ናይ ባህሪ ለውጢ ከምጽእ ተኽእሎ ኣሎ።

መተባብዒ፡ ክንሰርሖም ዝጸናሕና ንጥፈታት ብተደጋጋሚ ንኽነተግብሮ ድርኺት ዘዕቢ እዩ። መቕጻዕቲ ከኣ ክንፍጽሞ ዘይግብኣና ንጥፈታት ደጊምና ከይንፍጽም ነብሰ ግትኣት ከም ነጥሪ ይምህር። ንኣብነት፡ ንሓደ ቈልዓ ሽኮር ቍሒሙ ኢልና ምስ እንቐጽዖ፡ ሽኮር ዘይኮነ ዝጸልእ፡ ነቲ "ሽኮር ብላዕ፡ ሽኮር ብላዕ" ዝብል ውሽጣዊ ድርኺቱ ክቈጻጸር ከም ዝኽእል እዩ ዝገብር። ስለዚ፡ መምስ ኮነታት ዝመቻቸእ እናሓረና፡ ነዚ ክልተ ኣገባብ ምምልማል ባህሪ ክንጥቀመሉ ንኽእል። ዝዕየ ንጥፈታት ብመቓን ግዜ ምትእስሳር ምስ ዘይህሉዎ ግን፡ እቲ እንደልዮ ውጽኢት ኣይርከብን። ሰራሕተኛ ናይ ሓደ ትካል ኣብ ግዜኡ ዘይኣተወ ኢልና፡ ናይ ዓመት (ካብ 1 ክሳዕ 12 ወርሒ) ብምጽብጻብ ምስ ዝቕጻዕ እሞ፡ ካብ ወርሒ 10 ጀሚሩ ኣብ ግዜኡ ይኣቱ ምስ ዝነብር፡ ብግዜ ከተኣሳስሮ ስለ ዘይክእል ትርጉም እቲ መቕጻዕቲ ክርድኦ ኣጸጋሚ እዩ። ዝበዝሐ ግዜኡ ደንጕዩ ይኣቱ'ኳ ይንበር፡ ነተን ኣብ ግዜኡ ዝኣተወን ቍሩብ ቍራቦ ኣዋርሕ ጸብጺቡ፡ ካብ ጌጋኡ ክምሃር ዘሎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ኣብ ግዜኡ መተባብዒ ዘይምሃብ'ውን ናቱ ሳዕቤን ኣሎዎ። ክቕጽሉ ዝድለዩ ባህርያት ሰኣን መተባብዒ ምሃብ፡ ተሰፋ ክቝረጽ ይደፋፍእ። ከምኡ'ውን ግቡእ መአረምታን መቕጻዕትን ዘይምሃብ፡ ዘይእሩማት ተግባራት ክቕጽሉ የተባብዕ። ስለዚ፡ ኣብ ግብረ መልሲ ምድንጓይ፡ ኣብ ባህሪ ደቂ ሰብ ኣንጻር እቲ ዝሓሰብናዮ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል ማለት እዩ።

ኣብ ሓደ ምርምር፡ ሰለስተ ጕጀለ ኣናጹ ኣብ ቤት ምርምር ብምምጻእ፡ ኣብ ሰለስተ ጕጅለ መቓቒሎም ኣብ ዝተፈላለየ ባኮ ኣቐመጡወን። እቲ ኣናጹ ዝተቐመጣሉ ባኮ፡ ብሓደ ሸነኹ መውጽኢ ከፋት ገበርሉ። ነተን ቀዳሞት ጕጀለ፡ በቲ ከፋት መውጽኢ ክትወጽእ ንዝፈተነት ኣንጭዋ ሽዑ ንሽዑ ናይ ኤለክትሪክ ተዘዝታ ከም ዝስምዓ ገበሩ። ነተን ካልኣይ ጕጅለ፡ በቲ መውጽኢ ወጺኣን ኣብቲ ከባቢ ዘወር ድሕሪ ምባለን፡ ድሕሪ ገለ ካልኢት እቲ ናይ ኤለክትሪክ ተዘዝታ ከም ዝስምዐን ተገብረ። እተን ሳልሳይ ጕጅለ ግን ዋላ በቲ መውጽኢ ከፋት ይውጽኣ ዝኾነ ግብረ መልሲ ከም ዘይወሃብ ተገብረ። ውጽኢት እቲ ምርምር፡ ከከም ኤለትሪክ ዝተዋህበን ግዜ፡ ዳግማይ ናይ ምፍታን ተኽእሎአን ተፈላልዩ ተረኺበ። እተን ቀዳሞት ብቕልጡፍ ደጋጊመን ናይ ምውጻእ ተበግሶአን ዝወሓደ ነበረ።



ካብዚ ተበጊስና፡ ሰኣን ግዜ ኣብ ግምት ምእታው፡ ብምትብባዕ ክዓቢ ዝግብኦ ናይ ምቕጻል ድርኺትን ካብ ኣሉታዊ ድፍኢት ዘድሕን ነብሰ ግትኣትን ከይነጥሪ'ውን ይዕንቅጽ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል። ገለ ሰባት ብተደጋጋሚ ብገበን ክኽሰሱ፡ ቤት ማእሰርቲ ክኣትዉን ክወጽኡን ምስ እንርኢ፡ ሓደ ጠንቂ ኣብ ግዜኡ ክእረም ዝግብኦ ባህርያት ስለ ዘይተኣረመን ነብሰ ግትኣት ከጥሪ ዘይምኽኣልን እዩ። ድሕሪ ናይ ተሃድሶ ግዜኦም "ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ተግባር ኣይፍጽምን እየ፡" ዋላ እንተ በሉ፡ ናይ ነብሰ ግትኣት ጥበባት ምስ ዘይህሉዎም፡ ካብቲ ናይ ውድቀት ዓንኬል ኣይእለዩን።

መተባብዒ ይኹን መግናሕቲ፡ ኣብ ባህሪ ሰብ ኣድማዒ ጽልዋ ክህሉዎ ምእንቲ፡ ተግባርን ግብረ መልስን ብግዜ ክተኣሳሰር የድሊ። ኣብ ገለ ግዜ፡ ሽዑ ንሽዑ ግብረ መልሲ ክንህብ ምስ ዘይንኽእል ብኻልእ ኣገባብ ምትእስሳር ክንፈጥር ንኽእልዶ፧ ኣብ ቅድሚ ጋሻ ንዝበደለ ቈልዓ ሽዑ ንሽዑ ክንገንሖ ምስ ዘይንኽእል፡ ብኸመይ ድሒሩ ክድገም ከም ዘይብሉ ነረድእ፧ ነዚ ዝሕግዝ ሓደ ኣገባብ፥ ዝወሃብ ዘሎ መቕጻዕቲ ይኹን ምትብባዕ፡ ውጽኢት ናይ ኣየናይ ንጥፈት ምዃኑ ብምርዳእ ምትእስሳር ምፍጣር እዩ። ብቓላትና ንብሎምን ብምንቅስቓስ ነርእዮምን ሓደ ትርጉም ክህልዎ ምዝካር የድሊ። ዝበዝሐ ግዜ ኣሸሙር ዘረባ ምዝራብና ጥቡብ ኮይኑ ይስምዓና ይኸውን፣ ይኹን እምበር ሓበሬታና ብንጹር ምትሕልላፍ ዝምረጽ ኣገባብ እዩ። "ጥራይ ረብሽ" ካብ ምባል፡ ምርባሽ እንታይ ሳዕቤን ከም ዘምጽእ ብቐጥታ ምሕባር ይሓይሽ። ብዛዕባ ዝተግበር ነገር እምበር፡ ብዛዕባ ኣተግባሪ ምዝራብ ምድንጋርን ዘይተደልየ ስምዒትን ክፈጥር ስለ ዝኽእል፡ እዚ'ውን ከነወግዶ ይምረጽ። ኣብ ግዜኡ ግብረ መልሲ ንምንታይ ኣይተወሰደን ምግላጽ'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ መጀመርታ ሸለል ተባሂሉ፡ ስዒቡ ግን ግብረ መልሲ ተዋሂቡ ዝብል ትሑት መረዳእታ ከይሕዙ'ሞ፡ ውጽኢት ግብረ መልስና ከይጕድል። ንቈልዑ ክንጥቀመሉ ንኽእል ካልእ ውጽኢታዊ ኣገባብ ከኣ፡ ኣብ ግዜ መቕጻዕቲ ይኹን ድሕሪኡ ክትዘራረብ ምፍታን እዩ። "ንምንታይ ከምኡ ገይርካ፧" "ንምንታይ ከም ዝተቐጻዕኪ ተረዲኡኪዶ፧" "ካብ ድሕሪ ሕጂ ትደግሙ ዲኹ፧?" ብምባል ብዘረባ ከነረድኦምን ምትእስሳር ክንፈጥረሎምን የድሊ። ኣብ መወዳእታ ምስ ኩሉ፡ ዓቢ ይኹን ቈልዓ፡ እቲ ኣጋጣሚ ምስ ሓለፈ ከም ልሙድ ባህርና፡ ብዘይ ዕቃበ፡ ክንቅጽል ኣገዳሲ ይኸውን። ነቲ ዝተፈጸመ ኣጋጣሚ እናኣልዓልና ከነጓጥጥ ወይ ክንንየት ኣገዳሲ ኣይኮነን።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ሻምፕዮን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ይቕጽል

### ፌስቲቫል ብዘይተሰዓርነት ትግስግስ

ሻምፕዮን ዓመት 2025/26 ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ብርክት ዝበለ ውድድራት ብምኽያድ ቀጺሉ። ናይ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደአ ጸወታ፡ ደማስ ሰምበል ንዕዳጋ ሓሙስ 2-ብ1 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣዱሊስ ድማ ንማይ ተሰፋ 2-ብ0 ሰዒራታ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጋንታ ዓወትን ዲያእን ኣብ ግዜኦም ክርክቡ ብዘይምኽኣሎም፡ እቲ ተሰሪዑ ዝነበረ ጸወታ ብዓወት ኣዱሊስን ደማስ ሰምበልን ከም ዝዛዘም ኩይኑ። ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ኣዱሊስ ኣብ ዝተኻየደቶ ጸወታ ከኣ 2-ብ0 ተዓዊታ።

ሰዓብን ናይ ካልኣይ ዲቪዥዮን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሳሊናን ፌስቲቫልን ግጥመን ኣካየዳ። ፌስቲቫል ኣብ ቀዳመይቲ እብረ ጸወታ 25-ብ22 ክትስዕር እንከላ፡ ኣብ ዝሰዓበት ካልኣይቲ እብረ ሳሊና 25-ብ19 ብምውዳእ ንጸወታ ናብ 1-ብ1 ቀይራቶ። ኣብ ሳልሳይትን መፈላለይትን እብረ፡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ብዘይተሰዓርነት ክትግስግስ ዝጸንሐት ፌስቲቫል ዓብሊላ ብምቕራብ 15-ብ2 ብምዝዛም ብድምር ወጽኢት 2-ብ1 ተዓዊታ። ሳሊና ምስ ድያእ ኣብ ዝገጠመሉ፡ ብዓወት ሳሊና 2-ብ0 ተዛዚሙ። ሳሊና ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ዝተኻየደቶ ጸወታ'ውን 2-ብ0 ተዓዊታ። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ



ጋንታ ፌስቲቫል

ጋንታታት ደማስ ሰምበልን ዕዳጋ ሓሙስን ኣብ ዝካየድዎ ጸወታ፡ ደማስ ሰምበል ንቐዳመይቲ እብረ ጸወታ 25-ብ22 ዛዚማታ። ኣብ ዝሰዓባ እብረታት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ጽቡቕ ምውህሃድ ብምርኣይ፡ ኣከታቲላ 26-ብ24 ከምኡ'ውን 15-ብ11 ብምስዓር ኣኼባስ ዓወታ ደምቀት ወሲኻትሉ። ዓዲ ጓዕዳድ ንማይ ተሰፋ ዕዳጋ ሓሙስ ንሳሊና ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ኣፋንየናአን። ዓዲ ጓዕዳድ ኣብቲ ሱሓቢ ጸወታ ዘርኣየትሉ ግጥም ኣብ ልዕሊ መውዳድርታ ደማስ ሰምበል ብዓብላሊ ወጽኢት 2-ብ0 ተዓዊታ።

## እቲ ተኣምራታዊ ኣጋጣሚ

### ፈላሚ ርክብ መሲን ያማልን



ናይ ኩሉ ግዜ ብሉጽ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪን ኣሰሩ ሓዚ ዝስዕብ ዘሎ ተጻዋታይን ንፈለማ ግዜ ሰንበት ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ክራኸቡ'ዮም።

ወዲ 39 ዓመት ልዮኔል መሲን ወዲ 19 ዓመት ላሚን ያማልን ዘይኽእሎ ተጻዋርነትን ዝሸጋዕ ዘሎ ሓድሽ ተወህቦን ክምስክሩ ዕድል ተፈጢሩሎም ይርከብ። ርክብ ናይዞም ክልተ ከዋኽብቲ ክንዮ ኩዕሶ እግሪ ተኣምራታዊ ኣጋጣሚ'ውን ዝምስክር'ዩ።

መሲን ያማልን ንፈለማ ግዜ ኣብ 2007 እዮም ተራኺቦም። ኣብቲ ግዜ'ቲ መሲ ፈለማ ጸወታ ባርሴሎና ዝካየድ ወዲ 20 ዓመት መንእሰይ ክነብር ከሎ፡ ያማል ድማ ወዲ ሓሙሽተ ወርሒ ህጻን ነይሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ መሲ ንጹ ብፍሽኽታ ተኸቲሉ፡ ነቲ ድሒሩ ኣሰሩ ዝሓዘ ያማል ኑብሱ ክሓጽቦ ተራእዩ።

እቲ ናይ ስእሊ ኣጋጣሚ ኣብ ኖ ካምፕ ሜዳ ባርሴሎና'ዩ። ሰድራቤት ያማል ነቲ ዝተኻየደ ውድድር ብምዕዋቶም ኣብቲ ኣጋጣሚ ክሳተፉ ዕድል ረኺቦም። ንዮም ካብ ሞሮኮን ኢኳቶርያል ጊኒን ዝመጹኡ ሰድራቤት፡ ያማል ቦኽሪ ወደም'ዩ። ምስቲ ኣብ ማልያ ባርሴሎና ዝጹሓፍ 'ዩኒሴፍ' ብምኳን ብጋዜጣ ካታላና ዝተዳለወ ዘበረ ናይ ስእሊ መደብ ከኣ ክሳተፉ ዕድል ረኺቦም።

መሲ፡ ኣብቲ ግዜ ቀጽሪ 19 ማልያ ባርሴሎና ይለብስ ነይሩ። ምስ ምውጻእ ሮናልዲኖ ከኣ ቀጽሪ 10 ማልያ ሓዘ። እቲ ብኣድ መሲ ዝተሓጽበ ያማል ድማ ኣብዚ ግዜ ንታ ቀጽሪ 10 ይለብስ ኣሎ።

ክልቲኦም ምስ ደቂ ጋንታኦም ኩይኖም ብዘዝበርዎ ኣበርክቶ፡ ሃገራቶም ኣብ ናይ ፍጻመ ግጥም ዋንጫ ዓለም በጺሓን ይርከባ። ሰዓቢያኑ "ብበሉጽ ተጻዋታይ ዝተመረቐ" ዝብል ጽሑፍ ኣሰኒዮም፡ ንታ መሲ ንያማል እናሓጸቦ እተርኢ ስእሊ ሓዚኖም ኣብ ሜዳ ይረኣዩ'ለዉ። ሰንበት ከኣ እዞም ክልተ ከዋኽብቲ ፊትፊት ክራኸቡ'ዮም።

## መበል 12 መድረኽ ዙር ፈረንሳ

ትማሊ ሓሙስ 179.1 ኪሎ ሜተር ብምሽፋን ኣብ ጉልጎል ዝተኻየደት መበል 12 መድረኽ ዙር ፈረንሳ፡ ናይ ሸኳ ተቐዳደምቲ ዘስተማቕርዋ ናይ መወዳእታ መድረኺያ ነይራ ክትብሃል ትኽእል። ካብ 13 ክሳዕ መበል 20 ተሰሪዐን ዘለዋ መድረኻት ተረርቲ ዓቐብትን ካልእን ዘካተታ ብምኳነን፡ ናይ ሸኳ ተቐዳደምቲ ኣብዛ መድረኽ ብምዕዋት፡ ኣብ ቀጠልያ ማልያ ለውጢ ወይ ውሕስነት ክፈጥሩላ ትጽበ ዝተገብረላ መድረኽ ኩይናያ ቀሪባ።





ኣብ መበል 45 ኪሎ ሜተር ተሰሪዓ ዝነበረት ናይ ማእከል ሕንጻጽ ኩሉ ዚ ቅልስ ኑዳዲ ክትውሰኸሉ ተገሚታ ነይራ። ኣጥቂዑ ዝነበረ ሽስቶርፈር ብምዕዋት ኑተን 25 ነጥቢ ወሰደን። ዓባይ ጉጅለ ኣብ ዝተኻየደቶ ቅልስ ኩሉ ማድስ ፔደርሰን ብምዕዋት 20 ነጥቢ ኣከበ። ብንያም ግርማይ ድማ ሻድሻይ ደረጃ ብምሓዝ 10 ነጥቢ ወሰደ። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ዝነበረ ፍልልይ ኩሉ ናብ 55 ነጥቢ በርኸ። ተቐዳደምቲ ዝኣከብዎ ነጥቢ ሓዚም ናብ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ምግስጋስ ተተሓሓዚም።

ውድድር ክዛዘም 20 ኪሎ ሜተር ምስ ተረፎ ተቐዳደምቲ ናይ ምምላቕ ፈተነ ክካይዱን ብዓባይ ጉጅለ ክውሓጡን ብተደጋጋሚ ተራእዩ። ቀጠልያ ማልያ ዝሓዘ ፔደርሰን ድማ ኣብ ቅድሚት ብምኳን ንፍጥነት ጸወታ ክቈጻጸር ጀመረ። ፔደርሰን 12 ኪሎ ሜተር ክተርፎ መጥቃዕቲ ኣካየደ። ዓባይ ጉጅለ ግን ክኸይድ ኣይፈቐደትሉን። ተቐዳደምቲ ናብ ናይ ፍጻመ ሕንጻጽ ኣብ ዝቐረብሉ ግዜ ምውዳቕ ኣጋጠመ። ናይ ሸኳ ተቐዳደምቲ ሓያል ቅልስ ኣካየዱ። ንሳልሳይ ግዜኡ ተም መርሊር ቀዳሚ ሕንጻጽ ብምርጋጽ፡ ዕወት መበል 12 መድረኽ ኩይኑ። ብንያም ግርማይ፡ ራብዓይ ደረጃ ብምሓዝ ውድድሩ ዛዚሙ። ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ፔደርሰን ድማ ታሽዓይ ደረጃ ሐዘ። ፔደርሰን ብ357 ነጥቢ ቀዳማይ ክሀሉ እንከሎ፡ ብንያም ከኣ ብ40 ነጥቢ ድሒሩ ብ317 ካልኣይ ደርኩቡ።

## በሊንግሃም፡ ንተጻዋታይ ኣርጀንቲና ጸፊዕዎ

ንስዕረት እንግሊዝ ብኣርጀንቲና ሰዒቡ፡ በሊንግሃም ንተጻዋታይ ኣርጀንቲና ቫለንቲን ባርኮ ብምጽፍዑ ኣዛራቢ ኩይኑ።

ባርኮ፡ ኣብቲ እንግሊዝን ኣርጀንቲናን ዝተኻየደኦ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ግጥም ኣይተሰለፈን። ጸወታ ብዓወት ሃገሩ ምስ ተዛዘመ ግን፡ ቡቲ በሊንግሃም ዝሓልፈሉ ዝነበረ ቦታ ብምኻድ ንደቂ-ጋንታኡ ክሓቅፍ ተራእዩ። በሊንግሃም ድማ ኢዱ ወርዊሩ ብድሕሪኡ ኣብ ርእሱ ሃሪምዎ። ክሳዕ በሊንግሃም ጉዳፍዎም ዝኸይድ ኩሉ ተጻወትቲ ክልተኣን ጋንታታት ክቃየቑ ተራእዮም።

ዛጊት መበገሲ ናይቲ ምጉርፋጥ እንታይ ምኳኑ ኣይተፈልጠን ዘሎ። ይኹን እምበር፡ ኣብ መበል 85 ደቒቕ ኢንዞ ፈርናንደዝ ንኣርጀንቲና ተመዓራርይ ሸቶ ምስ ኣቑጸረ፡ ባርኮ ኣብ ቅድሚ ተጻወትቲ እንግሊዝ ኩይኑ ሓጎሱ ክገልጽ ተራእዩ'ዩ። ምስ በሊንግሃም ዘጕራፈጦ ኩሉ እዚ ተግባር ክኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። ኣብ 'በበሲ' ስፖርታዊ ትንተና ዝሁብ ዘሎ ናይ ቅድም ሓላዊ ልዳት እንግሊዝ ዝነበረ ፓውሎ ሮቢንሶን፡ "ኣብ ዋንጫ ዓለም ካብ ዝርኣናዮ ዝኸፈአ ተግባር ሓደ ስፖርተኛ፡" ብምባል ንተግባር ባርኮ ከቢድ ተሰሚዑ።

በሊንግሃም፡ በዚ ኣብ ልዕሊ ባርኮ ዝፈጸሞ ተግባር፡ ብኮሚተ ጠባይ ፊፋ ስጉምቲ ክውሰደሉ ይኽእል'ዩ። ንበኛ ኩይኑ እንተ ተረኺቡ ድማ፡ እዚ ወዲ 23 ዓመት ተጻወታይ፡ ኣብቲ ሳልሳይ ደረጃ ንምሓዝ ዝካየድ ግጥም ክበኵር ክግደድ'ዩ። እንግሊዝ ሰንበት 19 ሓምለ ምስ ፈረንሳ ናይ ደረጃ ጸወታ ክተካይድ'ያ።





## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

### ብናይ ለቓሕ ጫማ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝበዝሐ ሸቶታት ዘቑጸረ ተጻዋታይ

ኣብ ሓደ ዋንጫ ዓለም 13 ሸቶታት ብምቑጻር ክብረ ወሰን ክሕዝ ክኢሉ'ዩ። እዚ ዘመዝገቦ ሸቶታት ተለቂሑ ብዘወደዮ ጫማ ብምኳኑ ድማ፡ ፍሉይነት ኣለዎ። ዮግዳስ ወርቂ ጫማ ክሽለም ኣይከኣለን - ጀስት ልዊስ ፎንተይን። ፎንተይነ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1958 እዩ እዚ ታሪኻዊ ክብሪ ክበጽሖ በቒዑ።

ካብ 1970 ተጻዋትቲ ኣብ ሰለስተ ግጥማት ዋንጫ ዓለም ጥራሕ'ዮም ልዕሊ ሸዱሽተ ሸቶታት ከቑጽሩ ክኢሎም። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ኩሉ መሲን ምባፐን ሸሸሞንተ ሸቶታት ኣቑጺሮም ይርከቡ። እዚ 48 ጋንታታት ኣብ ዝሳተፈ ግጥም ብምኳኑ ፍሉይነት ኣለዎ። ይኹን እምበር ጸወታታት ይብዝሕ ደኣ'ምበር፡ ንናይ ፎንተይነ ብዝለሐ ክበጽሕዎ ኣይከኣሉን።

ፎንተይን ብ1933 ኣብ ሞሮኮ'ዩ ተወሊዱ። ኣብቲ ግዜ ሞሮኮ ግዝኣት ፈረንሳ'ያ ነይራ። ሞሮኮ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዋንጫ ዓለም 1958 ከኣ ናጽነታ ረኺባ። እቲ ኣብ ናይ ፈረንሳ ሊግ ዝጻወት ዝነበረ ፎንተይነ ድማ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1958 ንፈረንሳ ወኪሉ ተጻዊቱ።

ፎንተይን ኣብቲ ኣብ ሽወደን ዝተኻየደ ዋንጫ ዓለም፡ ቀዳማይ ምርጫ ፈረንሳ ኣይነበረን። ይኹን እምበር ወዲ ጋንታኡ ሬነ በለርድ መጉዳእቲ ኣጋጠሞ፡ ፎንተይነ ከኣ ንእኡ ተኪኡ ናብ ሜዳ ክኣቱ ብኣሰልጣኒኡ ተሓብሮ። እንተ ኾነ ጫምኡ ኣብ ልምምድ ስለ ዝተቐደደን ቅያር ጫማ ስለ ዘይነበሮን ካብ



ወዲ ጋንታኡ ክልቃሕ ተገደደ። ናይ ስተፈን ብሩይ ጥራሕ ስለ ዝኣኽሎ ናቱ ጫማ ገይሩ ኣብቲ ናይ መኸፈቲ ግጥም ወረደ። ፎንተይን ኣብ ዋንጫ ዓለም 1958 ሸዱሽተ ግጥማት'ዩ ተጻዊቱ። ኣብዚ ኸኣ 13 ሸቶ ኣቑጺሩ። ፎንተይን ዝበዝሐ ሸቶ ዋላ የቑጸረ፡ ወርቂ ጫማ ኣይተሸለመን። ምኽንያቱ ንብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ እትውሃብ ወርቂ ጫማ ኣብ 1982 እያ ተኣታቲያ። ዮግዳስ ፊፋ ኣብ 2014 እዚ ብሉጽ ኣበርክቶኡ ክገልጽ፡ ፕላቲነም ጫማ ሸሊምዎ'ዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ካርደም ኣደየሚ ናብ ባርሴሎና**

ካርደም ኣደየሚ ንሕክምናዊ መርመራ ኣብ ሆስፒታል ድሕሪ ምርካቡ፡ ናይ ምስግጋሩ ኩነታት ኣብ ናይ መወዳእታ ደረጃ ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ። ብመሰረት ሓበሬታ 'ሙንዶ ደፖርቲቮ' ወዲ 24 ኣደየሚ ረቡዕ እዩ ናብ ባርሴሎና ኣቲዩ። ክልተ ሰዓት ዝወሰደ ሕክምናዊ መርመራ ድሕሪ ምኽያድ ኩሉ ናይ ወረቐት ዕማም ጥራሕ ተሪፉ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ባርሴሎናን ቦርስያ ዶርትሞንድን ብ29 ሚልዮን ዩሮ እየን እዚ ተጻዋታይ ንምስግጋር ኣብ ስምምዕ በጺሐን ዘለዋ። እቲ 22 ሚልዮን ብቐጥታ ዝኽፈል ክኸውን ከሎ፡ ብቐዓቱ ተራእዩ ኸኣ እቲ 7 ሚልዮን ዩሮ ክስዕብ'ዩ።

- **ኣስቶን ቪላ ካብ ዎልቨስ ተጻዋታይ ተምጽእ**

ብራዚላዊ ኣከፋፋሊ ዎልቨስ ጆኣ ጎመዝ ብ38 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኣስቶን ቪላ ክጽንበር ተሰማሚዑ። ቪላ ንቴለማንስ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ድሕሪ ምስዳዳ ከምኡ'ውን ኣማዱ ኦናና ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ከም ዝርሕቕ ብምፍላጥ፡ ኣከፋፋሊ ክተቋምት'ያ ጸኒሓ። እዚ ብኣትሌቲኮ ማድሪድ ክድለ ዝጸንሐ ጎመዝ ኩሉ ናብ መሳርዓ ክትእትዎ ወሲና። ጎመዝ ማልያ ዎልቨስ ለቢሱ ኣብ 41 ግጥማት ተሳቲፉ። ኣብ 2023 ምስታ ክለብ ካብ ዝጽንበር ኩሉ ሽውዓተ ሸቶ ኣመዝጊቡ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካን ኢራንን መጥቃዕትታት ቀጺለን



ናብ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ፡ ኢራን ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ንዘርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ዒላማ ክትገብር እንከላ፡ ኣመሪካ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢራን መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።

ኢራን፡ ኣብ ዮርዳኖስ ኩዌት፡ ባሕሬንን ካልኦት ሃገራትን ናይቲ ዞባ ኣብ ዘርከቡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት ኣረጋጊጻ ኣላ።


ኣመሪካ ብወገና፡ ኣብ ማእከላት ምክልኻል ኣየር፡ መኣዝኒ ማእከላትን ኣብ ካልኦት ዝተፈላለዩ ቦታታትን ኢራን ዝርከቡ ማእከላት ምክትታል ጉማጉም ባሕሪ ንሸዱሽተ ሰዓታት ዝቐጸለ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደት ገሊጹ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ድሕሪ እቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ብእዋኑ ናብ መኣዲ ዘተ እንተ ዘይተመሊሳ ኣብ ልዕሊኣ ተወሳኺ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወሰድ ምኳኑ ዘመሓላለፎ መጠንቀቕታ እዩ ዝስዕብ ዘሎ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኢራን ኮይኑ ኣብቲ ምስ ኣመሪካ ዝካየድ ተኸታታሊ ዘተ ክሳተፍ ዝጸንሐ መሓመድ ባገር ጋሊባፍ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሃገሩ ብዘየርብሓ ዝኾነ ዓይነት ስምምዕ ክትቅየድ ግዴታ ከም ዘይብላ ኣረዲኡ።

መጽብጦ ሆርሙዝ ኣብዚ ሰሙን'ዚ ዳግማይ ድሕሪ ምዕጻዉ፡ ዋጋ ነዳዲ ካብቲ ዝቐጸ ብናህሪ ከም ዝወሰኸ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

## ላዕለዋይ ልኡኽ ቻይና ናብ ሰሜን ኮርያ ይበጽሕ



ላዕለዋይ ልኡኽ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዋንግ ሁኒንግ፡ ምስ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ሰልፊ ሰራሕተኛታት ሰሜን ኮርያ ዝኾነ ጆ ዮንግ ዎን ኣብ ፒዮንግያንግ ተራኺቡ ዘተ ከም ዘካየደ ተሓቢሩ።

እቶም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣብ ርክቦም፡ ህዝባዊ ረብሓ ቻይናን ሰሜን ኮርያን ንምዕባይን፡ ኣብ ንግድን ባህልን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ መንግስታዊ ሰልፍታት ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ሓባራዊ ምትሕብባር ንምዕማቕን ከም ዝተመያየጡ፡ መንግስታዊት ማዕከን ዜና ሰሜን ኮርያ (ኬይ.ሲ.ኤን.ኤይ) ጸብጺባ።

እቲ ዙር፡ ኣካል ናይቲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ምስታ ናይ ጥንቲ መሻርኽታ ዝኾነት ሰሜን ኮርያ ዘለዋ ርክብ ንምድልዳል እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት ምኳኑ እዩ ዝሕብር።

ብመሰረት ጸብጻብ ናይታ ማዕከን ዜና፡ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግን መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ስትራተጂካዊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ንምድልዳል ዝሕግዝ ንርሑቕ ዝዓለመ ንድፌ ዝሓለፈ ወርሒ ኣጽዲቖም ኣለው።

## ሓፈሻዊ መደባት "ፈስቲቫል ኤርትራ 2026

| ተ. ቁ | ዕለት | መደብ/ንጥፈት | ቦታን ግዜን ምርኢት | | ተወሳኺ ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|---|
| | | | ቦታ | ግዜ | |
| 1 | 18/07/2026 | ወግዓዊ መኽፈቲ | ቀጽሪ ኤክስፖ | 09፡00 ቅ.ቐ | |
| 2 | 18-26/07/2026 | ምርኢት ብዞባታት | | | |
| | | - ያታዊ ትልሂትን ሙዚቃን | መድረኽ ቁ.3<br>መድረኽ ቁ.3 | ካብ 04፡00-10፡00 ድ.ቀ<br>ካብ 02፡00 -03፡00 ድ.ቀ | |
| | | - ያታዊ መሳርሒታት ሙዚቃ | ዌስት ኢንድ | ካብ 10፡00-12፡00 ድ.ቀ | |
| | | - ያታዊ ኣባይትን መነባብሮን | ቀጽሪ ኤክስፖ | ካብ 09፡00 ቅ.ቐ<br>ክሳብ 05፡00 ድ.ቐ | |
| | | - ኣደራሽ ምርኢት(ፍርያት ዞባታት) | G-1 | | |
| | 19-26/07/2026 | ኣፋዊ ያታታት | መድረኽ ቁ.7 | ካብ 10፡30 ቅ.ቐ-05፡00 ድ.ቐ | |
| 3 | 18-26/07/2026 | ስነጥባባዊ ምርኢት<br>- ጉጅለታት ባህሊ መንእሰያት | መድረኽ ቁ.2<br>መድረኽ ቁ.4 | ካብ 10፡30 ቅ.ቐ-05፡00 ድ.ቐ | |
| | | - ጉጅለታት ባህሊ ዓበይቲ<br>-ምርኢት ዘመናዊ ትልሂት<br>- ምዝንጋዕ ቆልዑን ህጻናትን | መድረኽ ቁ.2<br>መድረኽ ቁ.1<br>መድረኽ ቁ.5 | ካብ 07፡00-11፡00 ድ.ቐ<br>ካብ 05፡00-06፡00 ድ.ቐ<br>ካብ 10፡00 ቅ.ቐ- 06፡00ድ.ቐ | ደምበ ህጻናት |
| | | - ኩርናዕ ድራማ፡ሞኖሎግ፡ ስታንድኣፕ ኮሜዲን | መድረኽ ቁ.2 | ካብ 05፡00-07፡30 ድ.ቐ | |
| 4 | 18-26/07/2026 | ኩርናዕ ገጠምቲ | መድረኽ ቁ.4 | ካብ 07፡00-08፡00 ድ.ቐ | |
| 5 | 18-26/07/2026 | መሸጣ ዝተፈላለየ ኣቕሑ (ባዛር) | ቀጽሪ ኤክስፖ | ካብ 09፡00 ቅ.ቐ<br>ክሳብ 06፡00 ድ.ቐ | |
| | | ምርኢትን መሸጣን መጻሕፍቲ | G-2 | | |
| | | ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ስነ-ጥበባዊ ስርሓት (ቅብኣ፡ቅርጺ፡) ካልእን | G-3 | | |
| 6 | 18-26/07/2026 | ለይታዊ ትልሂት | ክለብ ዌስት ኤንድ | ካብ 11፡00 ምሸት ክሳብ 05፡00 ወጋሕታ | |
| 7 | 19-24/07/2026 | ሰሚናራትን ሰነ-ጽሑፋትን | ክለብ ዌስት ኤንድ | ካብ 03፡00 ድ.ቐ ክስብ 05፡00 ድ.ቐ | |
| 8 | 19-25/07/2026 | ምርኢት ኣብ ሃገር ዝፈርዩ ፊልምታት | መድረኽ ቁ.7 | ካብ 07፡00-9፡00 ድ.ቐ | ኣደራሽ ዚንካ |
| 9 | 21-24/07/2026 | መጽናዕታዊ ጽሑፋት ብዛዕባ ፊልም | መድረኽ ቁ.7 | ካብ 10፡00-12፡00 ቅ.ቐ | ኣደራሽ ዚንካ |
| 10 | 18-26/07/2026 | ምርኢት ስነጥበባዊ ትሕዝቶታትን ካልእን | ዳስ ድሕሪ<br>መድረኽ ቁ.3 | ካብ 09፡00 ቅ.ቐ ክሳብ 06፡00 ድ.ቐ | |
| 11 | 26/07/2026 | መዛዘሚ መደብ | ኣዳራሽ G-3 | 05፡00፡-07፡00 ድ.ቐ | |

## ዩክሬን፡ ሓዲሽ ቀዳማይ ሚኒስተር መሪጻ



ትማሊ ሓሙስ፡ ባይቶ ዩክሬን፡ ንምና ፈጻሚ ስራሕ ሃገራዊ ኩባንያ ጸዓት ዩክሬን (ናፍቶጋዝ) ሰርጂ ኮሬትስኪ፡ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ገይሩ ከም ዝሸሞ ተሓቢሩ።

እቲ ብፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ዝተሓረየ ሓዲሽ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ኣብቲ ባይቶ ዓብላሊ ድምጺ ከም ዝረኸበ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ሰርጂ ኮሬትስኪ ኣብ ቅድሚ ባይቶ ዩክሬን ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኑታ ሃገር ንእዋን ቀረሪ ሓጋይ ምድላው፡ ቁጠባዊ ምርጋእ ዘምጽኡ ንግድታት ምድጋፍ፡ ምስ መሻርኽቲ ዝለዐ ምትሕብባር ምድልዳል፡ ከምኡ'ውን ዩክሬን ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ኣባልነት ንምርካብ ኣብ እተካይዶ ጉዕዞ ዕብየት ምትንጻፍ፡ ገለ ካብ'ቶም ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሎም ዕላማታት ምኳኖም ገሊጹ።

ወዲ 48 ዓመት ኮሬትስኪ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ጸዓት ኩባንያታት ናይታ ሃገር፡ ላዕለዋይ ጽፍሒ ሐላፊ ኮይኑ ምጽንሑ እዩ ዝፍለጥ።

ካብ 2022 ንደሓር፡ ዩክሬን ሕጂ ንመበል ሳልሳይ ግዜኣ እያ ቀዳማይ ሚኒስተር ትመርጽ ዘላ።

## ቻይና፡ ኣብ ልዕሊ ኩባንያታት ንዘውሰን ዘይግቡእ ቀረጽ ተቓዊማቶ



ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኑዳ ፌደረሽን ሩሲያ ብምሻማዝተን ግዳይ ቀረጽ ኣመሪካ ንዘኾና ኩባንያታታ ክትከላኸለለን ምኳና ቃል ኣትያ።

ቻይና ኣሰዪባ ብዋሺንግቶን ዝካየድ ዘሎ ቁጠባዊ ምግደዳን በይነኣዊ እገዳታትን፡ ኣብ መውዳእታ ኑታ ሃገር ተገልቢጡ ክዛሲዩ ምኳኑ ኣጠንቂቓ።

እዚ መግለጺ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ፡ ካብ'ተን ዝዓበያ ሸመትቲ ኑዳዲ ፌደረሽን ሩሲያ ዝኾና ሃገራት ናብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት፡ ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ንምውሳን ዘኽእል እማመ ድሕሪ ምቕራቡ እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ሊን ጂያን፡ ሃገሩ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ መሰረት ዝይገበሩ ናይ ሓደ ወገን እገዳታት ብጽኑዕ ከም እትቃወሞ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንሕጋዊ መሰላትን ረብሓታትን ንግዳዊ ትካላታን ዜጋታታን ንምክልኻል ኣድላዪ ስጉምትታት ካብ ምውሳድ ድሕር ከም ዘይትብል ኣገንዚቡ።

እቲ ቀሪቡ ዘሎ እማመ እንተ ደኣ ጸዲቑ፡ ኣመሪካ ካብ'ተን ዝዓበያ ሸመትቲ ኑዳዲ ፌደረሽን ሩሲያ ዝኾና ህንድን ቻይናን ዝርከባአን ሓሙሽተ ሃገራት ናብ ዕዳጋታታ ኣብ ልዕሊ ዝኣቱ ንግዳዊ ፍርያት ናይ 100 ሚእታዊት ቀረጽ ክትስልዕ እያ።

ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበስ | 17/7/26 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175ቁ. ገዛ 58 ከበቢ ፓስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565